#DEFYHATENOW

# መምርሒ ስራሕ ሃዋሁው

## ማሕበራዊ መራኸቢታት ምክልኻል ፅልኢ ዘረባ

### ኣብ ኢትዮጵያ

ጥ ማ ር 2

ካልኣይ ሕታም 2017

https://defyhatenow.org
ethiopia@defyhatenow.org

©2025 r0g_agency for open culture and critical transformation gGmbH Berlin
Concept: r0g_agency gGmbH Berlin, Stephen Kovats & Susanne Bellinghausen

**መምርሒር መረዳእታ ኣከብቲ ኣርኪተክግደት፦** ኬንዲ ጂኩንዳ
**መምርሒ መረዳእታ ኣከብቲ ፀሓፍቲ + ኣርታእቲ፦** ካሮላይን ፓትሪክ፣ ኬንዲ ጂኩንዳ እና ሳራ ቡዳርዝ
**ናይቲ ትካል መካየዲ ስራሕ ኣብ ሃገረ ኢትዮጵያ፦** -ኣይተ ብሩክ መዝገቡ
**መምርሒ መኣከቢ ዓውደ-ፅሑፋዊ ኣዳላዊ ኣማኸርቲ፦** ኤደን በሪሁን፣ ኣበሰሎም ሳምሶን፣ ርሆቦት ኣያሌው፣ ማቲያስ ኣሰፋ እና የምስራች የትነበርክ
**መምርሒ መረዳእታ ኣከብቲ ኣመርቲፅዋታት፦** ጆዲ ሮዝ እና የምስራች የትነበርክ
**ንድፊ ኣቀማምጣን መምርሒ፦** የምስራች የትነበርክ
**መምርሒ መረዳእታ ኣከብቲ ኣብ ኢትዮጵያ ምድላዉናይቲ መጽሓፍ ስእልታት፣ A2-ፖስተራትን ንድፋፅዋታት፦** የምስራች የትነበርክ
**መምርሒ መረዳእታ ኣከብቲ ህየሳከይዲ ኣመራርሓ፦** ይበልጣል አሰፋ
**መምርሒ መረዳእታ ኣከብቲ ዓውደ-ፅሑፋዊ ጉጅለ ዳግመ ምርመራን፣ ሃየሳን፦** መሀመድ አሊ፣ ህይወት አሸናፊ፣ አቤል ዮናስ፣ ተስፋዬ ይመር፣ አንተነህ ሰይፉ፣ አብዱራዛቅ ነስሮ፣ ቆንጂት ዘውዴ፣ ኤደን ወርቃለማሁ፣ ተመስገን ቢረዳ፣ አሰፋሽ ከተማ፣ ሳራ ገዛኸኝ (MD)፣ ሰላም ገብረመድህን፣ እልልታ ሞላ እና ሃና አድማሱ
**ንናይ ፊልድ ስራሕቲ ዝከውን መምርሒ ትርጉም ገምገምቲ፦** ባልቻ ቢርቢሳ ጂማ_አፋን ኦሮሞ፣ ኃይለመለኮት ታደሰ_ትግርኛ፣ ቴዎድሮስ አለማየሁ_አማርኛ
**ትርጉም፦** ሰላም ነጋሽ [ሰላም ስራሕቲ ትርጉም ኣገልግሎት]፣ ተርጎምቲ - ፍቕረስላሴ የማነ፣ ተሰማ በቀለ ፣ ጥላሁን ሸዋየ

ናይ#defyhatenow ናይ ማሕበራዊ መራኸቢታት ፅልኢ ዘረባ ናይ ሜዳ ስራሕ መምርሒ ብመሰረት ሼር ኣላይክ 4.0 ዓለም ለከ ፍቓድ ዝተዋህቦ ናይ ሓባር ስራሕ እዩ።

ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ንዘሎ  ናይ ፅልኢ ዘረባ ንምምካት ዝካየድ ዘሎ #defyhatenow ወፍሪ፣ ብr0g_ኤጀንሲ ንኦፕን ካልቸርን ክሪቲካል ትራንስፎርሜሽን gGmbH Berlin ዝካየድ ኮይኑ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ምስ መሻርኽቲ ዝትግበርን ብሕብረት ኤውሮጳ ዝምወልን እዩ።

Print ISBN: 978-3-949253-12-6
EBook ISBN: 978-3-949253-13-3

ኢትዮጵያ፣ ሁለተኛ እትም፣ 2017

#defyhatenow
https://defyhatenow.org/ethiopia/
https://www.facebook.com/defyhatenowethiopia/
https://www.instagram.com/defyhatenow_ethiopia/

Funded by
the European Union



# መእተዊ



*ከም ሓደ ታሪክ ነጋራይን ዕውት ኣፍረካው ኣብ ዲግታላዊ ሓበሬታ ናይ ምርካብ መሰል ኣብ ዲግታል ዓልም ናይ ተሳታፋይነት ዕድልን ከምኡ ውን ተሳታፋይነት ኣብ ሲቪካዊ ትካላትን ካብ ለቢ ዝነቀለ ነመንነት ደቂ ሰባትን ከምይ መንነት ደቂ ሰባት ኣብ ዕለት ተዕለት ናብርኦም ብመዳይ ምርጭአም ነማሕበረሰቦም ዘለወም ወገናውነት ከመ ኡውን ብጠቅላላ ነት ማሕበረሰብ ይፀለው ኣብ ዝበል ኣፍልጦ ክህብ ይደሊ። ስለምንታይ ኣብ ምስ ሚድያታት ሲቪል ማሕበረሰብ ኣካላትን መናእሰይን እንትንሰርሕ ብግለፂ እንርድኦ ነገር እንተሃለወ መንነት ምንጪ ኵርዓትና ንማሕበረሰብና ዘለና ውግንናን ዓላማን መካኑ እዩ። እዚ ኮነ ኢልካ ወይ ብግዲየብለይን እንተዘይተጠቂምካሉ ድማ ዘላቂ ዝኮነ ዘይምለስ ተነፅሎ ከስዕብ ዓቅሚ ኣለዎ። ስለዚ ኣብ እዋን ሰላም መንነት*

ሓደ ንደቂ ሰባት ኣዝዩ ዘጠናክሮም ገመድ እንትከውን ብኣንፃሩ ኣብ ግዜ ጎንፂ መንነት ንባዕሉ ነቲ ማሕበረሰብ ከም መሳርሒ ተጠቂሙ ሕድ ሕዶም ከይሳነዩ ብምግባር ከም ጉዚ ስጋ ክቆራርፆም ተክእሎ ኣለዎ እዩ።

ኣብዚ ሐዚ ሰዓት ዓለምና ምስ ኣብ ኣገዳዲ ዝኮነ ናይ ኢንተርነት ዘመን ኣብ እትነብረሉ ዘላ ግዜ ኣብ ኢትዮጵያ መመረሒ መረዳእታ ኣብ ኣንፃር ቃልሲ ፅልኢ ዘረባ ኣገዳሲ ኮይኑ ይርከብ ኣሎ። ብመሰረቱ እዚ መምርሒ መረዳእታ ብወሳኒ  መለክዑ ካብ ኣገዳስነትን ተሓላላካይነት ባህሪ እቲ ዋና ጉዳይ ዝረሓቀ ኣይኮነን። የግዳኣስ ብዝተክኣለ መጠን ህንፀት መንነት ብዝምልከት ከመይ ገይሩ ካብ ልደት ጀሚሩ ክሳብ ዕብየት ምስ ስድራን ማሕበረሰብን ባህሊ ሃይማኖት ቃንቃን ትምህርትን ከምኡ ውን ክሳብ እታ ሕዚ ዘለናያ ናይ  ማሕበራዊ ሚድያን ኢንተርኔት ዓለምን ፅዕንቶኣን ዝርኢ ኮይኑ ንረክቦ። ኣብ ዝሰመረ መፅማድ ስነ ጥበብን ህንፀት ሰላምን መሰረተ ብምግባር ኣብ ቀፃሊ ዝኮነ ተስፋ ዘለዎ ብሩህ መገዲ ብምካን ምስ ስርዓተ ፆታን ፆታዊ ጥቅዓትን ከምኡ ውን ሕቶታት ስነ ኣእምሮኣዊ  ምዝብዓትን ንምፍታሕ ይፅዕር። ቀንዲ ክነኣድን ክምጎስን ዘለዎ ነገር  ኣብዚ ከይዲ ስራሕ እንተሃለየ ድማ ከመይ ዝተፈላለዩ ኣካላት ብዝተሓባበረ መልክዑ ሰላም ንምህናፅ ይተግሁ ዝብል ይከውን።

እዚ መምርሒ መረዳእታ ኣትኩሮቱ ኣብ መራሕቲ ማሕበረሰብን (ዓበይቲ ዓዲ መራሕቲ ሃይማኖት መናእሰይ መራሕቲ) ሚድያን ኣገዳስነት ኣፍልጦ ሓበሬታ ከመ መሰረት ንምፍላይን ንምፍታሕን ናይ ፅልኢ ዘረባ ክፍተት ሓበሬታን ተበግሶታት ጥቅዓትን ካብ ኣብ ኢንተርኔት ዝመሰረቱ ዝገበረ ናይ 21 ክፍለ ዘመን ዓለምን ብውፅኢቱ ድማ ካብኦም ንዝፈለቁ ፀገማትን ጉድኣታትን ኣብ ግምት ኣእትዩ ዝሰርሕን እዩ።

ኣብዚ ሐዚ ሰዓት እንድሕር ዳኣ ኣብ ፅቡቅን ዝጠቅምን መዓላ ውዒሎም መናእሰይ ልዕሊ ዝኮነ ይኩን እዋን ብኣጠቃቅማ ኢንተርኔት ኣብ ዝዓበየ ደረጃ ይርከቡ። ብመሰረት እቲ መምርሒ መረዳእታ መናእሰይ ኣብ ሓደ ማሕበረሰብ በቀፃልነት ናይ ለውጢ ሃወርያ ኮይኖም ካብ ዝፃወትዎ ንላዕሊ ምክንያት ወነንቲ ሰበ ፍሉይ ክእለትን ዓቅምን ምካኖም ብወሳኒ መልክዑ ኣብ ምምይያጥ ዝኣመን ሓቃፋይ ዝኮነ ኣገባብ ዝወናኑ እዮም። ከምቲ ዝፍለጥ ስነ ጥበብ ብተፈጥሮ ዘይተበረዘ ምሒር ፀገም ናይ ምሕካም ናይ ምንፅብራቅ ከምኡ ውን ድሕሪ ፀገም ምፍጣሩ ሓዘኔታን ጣዕሳን ንምግላፅ ውን ከም ሓደ መነገዲ ንጥቀመሉ ኢና። ትያትር ትረካ ሙዚቃን ስእልነ ካበቶም ዓይነታት ፍሉየ ክእለት እነሪኢሎም መዳያት እዮም። ኣብ ዝተገማምዐ ማሕበረሰብ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሱ ናይ ስነ ጥበብ መዳያት ንዳግመ ዕርቅን ህንፀት ሰላምን ፍቱናት መስርሓት እዮም።

ኣብዚ ሐዚ ሰዓት ኣብ ማሕበረሰብ ዘሎ ፍልጠት ኢነተርኔታዊ ተሓታትነትን ፅንዓት ማሕበረሰብን ኣንፃር ናይ ፅልኢ ዘረባን ኮነ ኢልካ ዝስራሕ ናይ ሓበሬታ መዝባዕ ተገባር ቅድሚያ ካብ ዝወሃቦም ነገራት እዮም። ስለዚ እዚ መምርሒ መረዳእታ ኣፍልጦ ብምሃብን ካብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ክንረክቦ ዝግባኣና ብምርካብ መፍተሒታት የዕዝዝ። ጠበቃታት ሰላም መማህራን ጋዜጠኛታት ስነ ጥበባውያን ጎጀልቲ ማሕበረ ሰብን ከመኡ ውን ዝምልከቶም ኵሎም ዜጋታት ነዚ መምርሒ መረዳእታ እዚ ከመ ግድን ክከተልዎ ዝግባእ ኣብ ከይዲ መመያየመንፀባረቂ ሓሳብ ንመፃኢ ኣወንታዊ ተግባር ክጥቀምሉ ግቡእ ይከውን።



***ዶክተር ንጋሳ ዴዝሞንድ ንጋሳ፣***
***ዋና ኣካያዲ ስራሕ ሲቪክ ዋቹ ካሜሩንን ኣካያዲ***
***ጨንፈር ካሜሩን #defyhatenowን***

# ትሕዝቶ


8 **01 መንነት**
10 ርድኢት መንነት ኣብኹነታት ሰላምን ጎንፅን
**11** **1.** ትርጓመ መንነት
**11** **2.** መንነትን እንታይነት ኣተሃናንፃ መንነትን
14 2.1 መንነትን ኣቃውምኡን
15 2.2 ተወሳኺ ፍልፍላት
**15** **3.** ተፃባኣይ ኩነት መንነት
16 3.1 ብሄር መንነት ምግባር
17 3.2 ዓሌትን ብሄርን ዝመሰረቱ ፌደራሊዝምን ጎንፅን
18 3.3 ተፃባኣይ ኩነት መንነት
18 3.4 ፅልኢ
19 3.5 ፒራሚድ ፅልኢ
21 3.6 ኣብ ኢትዮጵያ ምስ መንነት ዝተኣሳሰሩ ንጎንፅታት ፖለቲካዊ ምኽንያታት መዘዛትን
**23** **4.** ከይዲ ህንፀት መንነትን፣ ሰላምን ዕርቅን
23 4.1 ኣብ መንጎ ጉጅለታት ዝግበር ትርጉም ዘለዎ ዘተ ዝህልዎ ግደ
25 4.2 ግደ መራሕቲ ማሕበረሰብ
27 4.3 ናይ ፖሊሲ ለበዋታት

28 **02 ጥዕና ኣእምሮን ምሕዋይ ትሮማን**
30 ሓሳብናን ስምዒታትናን ምርዳእ
**31** **1.** መእተዊ
**32** **2.** ጥዕና ኣእምሮ እንታይ እዩ
34 2.1 ምዝባዕ ኣተሓሳስባ
**36** **3.** ኣብ ትሮማ ዘለና ርድኢት
36 3.1 ትሮማ እንታይ እዩ?
37 3.2 ዓይነታት ትሮማ
38 3.3 ምስ ፅልኢ ዝመልኦ ዘረባ ዝተኣሳሰር መግለፂታት ትሮማ
41 3.4 ንምንታይ ኢና ካብ ትሮማ ክንድሕን ንደሊ?
**43** **4.** ፅቡቕ መሳርሒ ንኣእምሮኣዊ ህንፀት፣ ጥዕናን ፀጋትትን
44 4.1 ዓርሰ-ምምሕዳር ልምምዳት
46 4.2 ዓርሰ-ሓልዮት
48 4.3 ፃውዒት ንስራሕ፦ ምትእትታው ማሕበረሰብ

50 **03 ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት**
52 ኣብ ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት ዘድሃቡ ኣገደስቲ ክልሰ ሓሳባት
**53** **1.** መእተዊ
53 1.1 ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት
53 1.2 ስነ-ህይወት ሞዴል
**54** **2.** ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት ምርዳእ
54 2.1 ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት ኣብ ኢትዮጵያ
57 2.2 ግደፆታን ፆታዊ ፅልዋታትን ኣብ ኢትዮጵያ
62 2.3 ጥቡጥ ጉዳያት ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት ኣብ ኢትዮጵያ
**64** **3.** ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት ፖሊሲን ማዕቀፋት ሕጊ ኣብ ኢትዮጵያ
66 3.1 ንፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት ምላሽ ምሃብ
**68** **4.** ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓትን ጎንፅን
69 4.1 መፅናዕቲ ፍፃመ ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት ኣብ ኹነታትጎንፂ ኢትዮጵያ
**71** **5.** ብቴክኖሎጂ ዝተመቻቸወ ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት
71 5.1 ትርጉምን ዓይነታትን
71 5.2 ንፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት ዘጋድዱ ዲጂታላዊ ቴክኖሎጂታት
72 5.3 ፆታዊ ሓበሬታ ዝጎደሎ ሓበሬታ
74 5.4 መስቀላዊ መንገዲ ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት ብቴክኖሎጂ ዝተመቻቸወ ፆታዊ ጥቕዓት ከምኡ እውን
74 5.5 ሃይፖቲካል ጉዳይ፦ ምትሕንፋፅፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት፣ ብቴክኖሎጂ ዝተመቻቸወ ፆታ መሰረት
75 5.6 ስትራተጂታት ንኹለንተናዊ፣ ንፆታ ዝምልስ ምትእትታው
**75** **6.** ምክልኻል ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት
76 6.1 ንፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት ዝህብዎ ምላሽ ኣገባባት

80 **መዘኻኸሪ ኣመሓዳሪ**
**80** **1.** ስልጠና ምውዳብ
**80** **2.** መደብ ክፍለ ግዜኻ
**84** **3.** መሰረታዊ ስልጠና
**85** **4.** ምምችቻው ናይቲ ኣኼባ
**88** **5.** ሓሳባት ዓርሰ-ነፀብራቕ
**91** ሞሳ ንዓኹም

# 01

# መንነት



# ርድኢት መንነት ኣብ ኩነታት ሰላምን ጎንፅን



## ትሕዝቶ


8 ዕላማ ክፍሊታት ናይዚ ምዕራፍ

9 ትርጓመ መንነት

9 መንነትን እንታይነት ኣተሃናንፃ መንነትን

13 ተፃባኣይ ኩነት መንነት

21 ከይዲ ህንፀት መንነትን፣ ሰላምን ዕርቅን


## ዕላማ ክፍሊታት ናይዚ ምዕራፍ

*ኣብ ወዳእታ እዚ ምዕራፍ ኣብ እንታይነት መንነት ዘለና ኣፍልጦ ክብ ብምባል ኣቢልና ከምኡ ድማ ብተወሳኺ ብዛዕባ መንነት ምስ ከም ብሄር ፣ ሃይማኖት፣ ቋንቋን ከባቢን ዝኣመሰሉ ኣምራት ዘለዎ ረክቢ ይኩን ምትእስሳር ካብ ምርዳእ ብዝዘለለ ብተወሳኺ እዚ ምዕራፍ ኣብ ወሳናይነትን ተክእሎታትን ከምኡ ውን ተፅዕኖ ህልዊ ኩነታት መሰረት ዝገበረ ተለዋዋጣይነት መንነትን ሰባት ኣብ ዓርሶም ይኩን ኣብ ካልኦት ዘለዎም ርድኢት ይገልፁን ንምርኣይ ኣክኣላይ ዝኮነ ኩነናታት ዝፈጥር ክከውን እዩ።*

ስለምንታይ እንተይልና ድማ ክልቲኦም ጫፋት ማለት ውን ሰላምን ጎንፅን ብመሰረቱ ኣብ ኣረኣእያን ኣመለካኽታን ደቂ ሰባት ባኣጋ መሰረት ስለዝገብሩ። መንነታት ድማ እንትጀመር ተጎራባታይ ካብ ምካኖም ዝተልዓለ ንክልትኦም ጫፋት ሰላምን ጎንፅን ብተፈጥሮ ተቃላዕቲ ብምካኖምን ኣብ ክይዲ ቀለልቲ ዝመስሉ ምትፍናናትን ምትህልላካትን ናብ ዝዓበየ ግርጭት ክሰጋገሩ ተክእሎ ይህልዎ። እዚ ብዛዕባ ተፈጥሮ ክልቲኦም ጫፋት ሰላምን ጎንፅን ካብ በልና ማዕረ ማዕረ እዞም ክልተ ኣምራት ዝኮኑ ክድህሰሱን ኣቃልቦ ክወሃቦም ዝግባእ እንተሃለወ ድማ ብዛዕባ ኣብ ከይዲ ህንፀት ሰላምን ዕርቅን ዘለና ግንዛበን ንዐኦም ንምስካዕ እንገብሮ ፃዕርታትን እዩ። ስለዚ ንስለ ዕውት ህንፀት ስላም ከምኡ ውን ቀፃሊ ጎንፅታት ንምትራፍ ባህግ እንትህልወና ኣብ ዝተፈላለዩ መንነታት ዘለው ሕሉፍ ጎንፅታትን ዘይፍትሓዊ ርክባትን ተቀራሪብካ ብምዝርራብን ብልዛብን ክፍተሑ ብምግባር እንኮላይ እቶም ኣብ ሕሉፍ ዝነበሩ ዘይምቅድዳዋትን ዘየፍትሓዊ ረክብታትን ምፍታሕ ይክእለና። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብዚ ምዕራፍ ከም ሓደ ቐንዲ ዕላማኡ ገይሩ ዝድህስሶ ሓይሊ መንነት ብምግንዛብን ወገናውነት ብኣግኡ ብምፍታሕን ናብ ዕርቅን ኣዝዩ ሰላማዊ መፃእን ክንፈጥር ኸመይ ከም ንኽእል ምርኣይ እዩ ክኸዉን።



## 1. ትርጓመ መንነት

መንነት ማለት ንሓደ ሰብ ወይ ጉጅለ ዝገልፅ ፍሉይ እኩብ ባህርያት እምነታትን ባህርያትን ዘመልክት ኾይኑ ውልቃውን ማሕበራውን መዳያት ዘካተተ ንውልቀሰባት ነንሕድሕዶምን ንኻልኦትን ብኸመይ ከም ዝርድእዎ ዝቐርፅ እዩ። መንነት ክልተ ስብጀክቲቭ (ንገዛእ ርእስና እንታይ ኢና ኢልና እንሓስባ) ከምኡ ውን ዕላማዊ ባእታታት (መን ምዃንካ ብመንፅር ፍሉይ ስነ-ህይወታዊ ወይ ማሕበራዊ ሓቂታት ብዛዕባኻ) ዝሓዘ እዩ። እዚ እንትበሃል ድማ መንነት ባህላዊ፣ ብሄራዊ፣ ሃገራዊ፣ ሃይማኖታዊ፣ ፆታንማሕበረ-ቑጠባውን ሸነኻት ዘካተተ ከም ዝኾነ ዘርኢ እዩ።

ስለዚ ነዚ ድማ እዩ መንነት ንባህርያት፣ ምትእስሳርን ማሕበረሰብኣዊ ኣቃውማን ይፀልዉ እዩ ተባሂሉ ዝሕሰብን ብኡ እንትርኣ ድማ እዚ ሓቂ ኣበሃህላ ካብ ኣበሃህላ ሓሊፉ ሓቂ ኾይኑ ንረኽቦ ን። እዚ ብመንፅር ኹነታት ኢትዮጵያ እንትርኣ ድማ መንነት መብዛሕትኡ



ግዜ ብሓደ ወገን ናይ ሓድነትን፣ ሕብረትን ብኻልእ ወገን ድማ ናይዚ ብተቓራኒ ከም ናይ ምፍልላይን ምብትታኽን ምኽንያት ምንጪ ኾይኑ ኣብ ታሪኽ ይኹን ናይ ቀረባ ግዜን ትርእዮታት ዝተፈጠሩ ምስሕሓባት፣ ዘይምቅድዳዉ፣ ቕልዉላዋትን ጎንፅታትን ልዑል ግደ እናተፃወተ ምኻኑ ዝይጥቀስ።

እዚ ምዕራፍ እዚ ምርድዳእን ሰላምን ንምድንፋዕ ዝዓለመ ኾይኑ መንነት ኣብ ጎንፂ ዘለ ዎ ግደ ብምስትንታን ኣተሃናነንፅኡን እንታይ ከም ዝመስል ንምርኣይ ዝዓለመ እዩ።

## 2. መንነትን እንታይነት ኣተሃናንፃ መንነትን

*ብመሰረተ ኣፈጣጥርኡ መንነት ተለዋዋጢ እንትከውን ብተወሳኺ ድማ ብዙሓት ሸነኻት ዘለዉዎ እዩ። ሓደ ሰብ ወይ ጉጅለ ብሓንሳብ ብዙሕ መንነታት ከንፀባርቕ ይኽእል እዩ። መንነት ናብ ሓደ ረቛሒ ኣቃሊልኻ ምርኣይ ዝተሓላለኩ ተሞኩሮታት ደቂ ሰባት ዕሸሽ ክብል ዘይሙለእ ምስሊ ክህልወናን ይገብር እዩ።*

ኣብ ግዘ ቆልዕነት ከለና ንሰባት ቀልጢፍና ኣብ ፍሉያት ጉጅለታት ንምድቦም ኢና። መን ኣካል ጉጅለና ምዃኑን መን ናይ ደገ ሰብ ምዃኑን ንመሃር ኢና። ቐፂሉም ዘለዉ ተርእዮታት ብኸመይ ኾነ ኢልና ወይ ብዘይፍላጥ ነቲ ምስ ካልኦት ዘለና ኣረኣእያን ተግባራትን ዝቐርፅ “ንሕና ኣንፃር ንሳቶም” ዝብል ልምዲ ከም እነማዕብል ዘርእዩ እዮም።

- ኣካል ጉድለ ስድራቤትና ዝኾኑ ኣለዉ ኣካል ጉድለ ስድራቤትና ዘይኾኑ ድማ ኣለዉ።
- ሓቢርኻዮም እትፃወት ቖልዑት ኣለዉ ከምኡ ዉን ሓቢርኻዮም ዘይትፃወት ቖልዑት ኣለዉ።
- ረክቢ ኣብ ተመሳሳሊ ከባቢ ዝነብሩ ምስ ካብ ካልኦት ከባቢ በፂኦም ዝነብሩ ሰባት።
- ገሊኦም ሰባት ምሳና ሓደ ዝኾነ ሃይማኖትና ዘለዎም እንትኾኑ ገሊኦም ድማ ናይ ኻልእ ሃይማኖት ተኸተልቲ እዮም።
- ለባማት፣ በላሕቲ፣ ስልጡናት ወይ ዝተምሃሩ ኢልና እንቖፅሮም ሰባት ኣለዉ ካልኦት ድማ ከምኡ ኣይኮኑን ኢልና እንኣምኖም ኣለዉ።

*ከምኡ እናበለ ይቕፅል፡-*

እዞም ከምዚኦም ዝበሉ ኣብ ንሕናን ንሳቶምን መሰረት ዝገበሩ ምጉጅጃላት ድማ ኣብ ሓደ ከበቢ ይኩን ወቅቲ ደው ዘብሉ ዘይኮኑስ ብቀፃሊ ኣብ ርእስና እናተፈጠሩ ዝቅፅሉ እዮም።

ሃይማኖታት፣ ብሄራት፣ ዓልየታተትን ቋንቋታትን ኹሎም ነዚ ንዓለም ዝረኣየሉ ኣገባብ ንምፍጣርን ንምድልዳልን ይገብሩ እዮም። እዚ ኣተሓሳስባ እዚ ብቐሊሉ ዝመፅእ እዩ ። ካብ መንነትቱ ዝነቐለ ንሓደ ጉጅለ ምፍቃር ወይ ምፍታዉ እኳ እከኣል እንተኾነ ንኻልኦት መንነቶም መሰረት ብምግባር ብዝተፈላለየ መገዲ ምግላል ግን ኣብ መንጎ ውልቀ – ሰባት ወይ ጉጅለታት ዓፀበ ቐለለ ወጥሪታትን ጎነፅን ክፈጥር ይኽእል እዩ። እዚ ንምንታይ ይኸዉን? ምኽንያቱ ድማ ሰባት ካብና ወይ ካብ ጉጅለና ኣዝዮም ዝተፈለዩን ከማና ከምዘይኮኑን እንተመሲምናን እንተተረዲእናን ሕማቕ ኣተሓሕዛ ምግባር ዝቐለለ ኾይኑ ስለእንረኽቦ ብምኻኑ እዩ።

ኾይኑ ግን እዚ ከምዚ እናሃለወ ካሊእ ክነስተብህሎ ዝግብኣና ዜና ብስራት ግን ኣሎ። እዚ ድማ ብዛዕባ ናይ ገዛእ ርእስናን ናይ ካልኦትን መንነት ብኣዝዩ ብዝተረዳእናን ዘስተንተናን ቑፅሪ ካብቲ ፍልልያት ንላዕሊ ሓባራዊ ነገራትና ንምርዳእ ከም እንኽእል እዩ። እዚ ማለት ብመሰረቱ ንሕና–ኣንፃር–ንሳቶም ዝብል ኣተሓሳስባ ብዝተኽኣለና መጠን ክንዕርዮ ኮይኑ ውን ፈፂምና ክንቅበሎ የብልናን። የግዳስ ኣብቲ እንመሳሰሎ ነገራት ኣተኩርና ብዙሕነትና ክነኽብርን ክንፈቱን ከመኡ ውን ብዝሓነትን ሓቃፋይነትን ከም መግለፂ ፅባቀና ክንጥቀሞ ንክእልን ኢና።

**ኣፅንኦት፡-** ኣብዚሕና ኣብ ዘመሳስሉና ሓባራዊ ዝኮኑ መግለፂታት ሰብኣዊ መንነትና ብዝሰራሕና ቁፅሪን መጠን እቲ ዘለና ብዙሕነት ኣወንታዊ ኣፅንኦት ብዝሃብናን ብዘድነቅናን ቁፅሪ ብሰላም ክንነብር እንኽእለሉ ባይታ ክነጠጥሕ ንክእል ኢና።



*ነዞም ዝስዕቡ ናይ ሰብ መግለፅታት ፀባይ ወይ ፐርሰናሊቲ ኣብ ግምት ብምእታው እዞም ሲዒቦም ዘለው መዘተይ ሕቶታት ኣስላስልዎም፡-*

- **ሰብ ሀ፡-** ጓል ኣንስተይትን ተኸታሊት ሃይማኖት እስልምና ዝኮነት ግን ድማ ብሰላማዊ ዝኮነ ናይ ኦንላይን ኣክቲቪዝም ወይ ብሓርበኛነት ብርዒ እትፍለጥ ናይ ሶፍትዌር ኢንጅነሪንግ ተማሃሪት ኣብ ዶባዊት ከተማ ዓፋርን ትግራይን እትነብር።
- **ሰብ ለ፡-** ቋንቋ ኣምሓርኛ ኣፋን ኦሮሞ ከምኡ ውን ንትግርኛ ሓዊሱ ሽዱሽተ ቋንቋታት ኣፀቢቑ ምዝራብ ዝኽእል ወዲ ተባዕታይ መምህር።
- **ሰብ ሐ፡-** ሓደ ኣብ ከተማ ደሴ ዝነብር ፓን ኣፍሪካዊ ወይ ድማ ብኣፍሪካውነቱ ዝሕበን ተጣባቒ ሰብኣዊ መሰላት።
- **ሰብ መ፡-** ሓደ ፕሮፌሰር ዩኒቨርሲቲ ኾይኑ መበቆሉ ካብ ጋምቤላ ዝኾነ ን15 ዓመት ኣብ ሃረር ዝነብር።
- **ሰብ ሰ፡-** ሓደ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከተማ፣ ጨርቆስ ክፍለ ከተማ ተወሊዱ ዝዓበየ ኣምሓርኛ ጥራሕ ዝዛረብ ሰብ።
- **ሰብ ረ፡-** ሓደ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከተማ፣ ቦሌ ክፍለ ከተማ ዝተወለደ ግን ድማ ቋንቋታት ኣምሓርኛን ጉራጌኛን ዝዛረብ።
- **ሰብ ሠ፡-** ካብ ኣዲስ ኣበባ ከተማ፣ የካ ክፍለ ከተማ ዝምዘዝ ግን ድማ ቋንቋታት ኣፍን ኦሮምኛን ኣምሓርኛን ፅቡቕ ገይሩ ዝዛረብ ሰብ።
- **ሰብ ሸ፡-** ኣብ መንጎ ድሬዳዋን ከተማ ጅቡቲን ዝነብር ጅቡታዊ ዲፕሎማት።
- **ሰብ ቀ፡-** ኣብ ቦሌ መድሃኒኣለም ን20 ዓመታት ዝነብር ሶማላዊ ስደተኛ ኾይኑ ዝተወሰነ ወይ ቁሩብ ቁሩብ ኣምሓርኛ ምዝራብ ዝኽእል ሰብ።
- **ሰብ በ፡-** ኣብ ወለጋ ተወሊዱ ዝዓበየ ኣብ ነቀምቲ ዝነብር ሰብ።
- **ሰብ ተ፡-** ካብ ዓዲ እንግሊዝ ናብ ኢትዮጵያዊ ድሕሪ 35 ዓመት ዝተመልሰ ሰብ።

## መዘተዩ ነጥብታት

- እቶም ገፀ ባህርያት እንታይ ናይ ሓባር ዋጋ ወይ ድማ ኽብርታት ኣለዎም?
- እንታይ ከመይን ዝበሉ ባህርያት ይገልፅዎም?
- ነንሕድሕዶም ብዝበለፀ ንዓርሶም ክገልፁ ዝኽእሉ ኸመይ ገይሮም እዮም?

**ተወሰኺ፡-** *ን5 ደቓይቕ ወሲድኹም ብዛዕባ መንነትኹምን ንሕድሕድኹም ብኸመይ ብሓደ ሓረግ ክትገልፅዎ መከኣልኩም ሕሰቡሞ ኣብ ከይዲ እዚ እንታይ ከ ቖዳምነት መሃብኩም?*

- መንነት እንትበሃል ሓደ ዓይነት ዘይልወጥ ድዩ ወይስ ተለዋዋጢ እዩ?
- ኣብ ከይዲ ዘለና መጠን ኣፍልጦ ንምምዛን ዝቐረበልና ሕቶ – ብሄር ዝተዋህበ መንነት ድዩ ወይስ መሪፅኻ ትኾኖን ትቅበሎን መንነት እዩ? ዖታ ኸ?

## 2.1 መንነትን ኣቃውምኡን

ማሕበራዊ መንነት መሳርሒ መንነት ብዙሓት ዘጋጩ ባእታታት ከም ዝሓቖፈ ንምርዳእ ዝሕግዝ እዩ። ናይ ሓባር መዳያት መንነት ብምዕማቅ ምርድዳእ ከዓቢን ብኡ ኣቢሉ ጎንፅታት ንክመናመኑ የኽእልና እዩ።

ኣብ ብዛዕባ መንነት ዘለና ርድኢት እንትንብል ክንሓስቦ ዝግባኣና ነገር እንተሃለወ መንነት ናይ ብዙሓት ኣውማታት ውህሉል እምበር መግለፂኡ ሓደን እነኮነ ከምዘይኮነ ኣብ ግምት ከም ሓደ ነገር ዘይኾነስ ካብ ብዙሕ ነገራት ከም ዝተዋህለለ ብምሕሳብ ምስ ካልኦት እዉን ምስቶም መብዛሕትኡ ግዜ ከም ጉጅለና ዘይኾኑ ዝሓስቦም ሰባት ብቐሊሉ ተመሳሳልነት ክንረክብ ንኽእል ኢና።




*እቲ ስእላዊ መግለፂ ኣብ ክፍልታት ዝተኸፋፈለ ብዓንኬል ዘርኢ. ኾይኑ ሕድሕዶም ንሓደ ክኸውን ዝኽእል መዳይ መንነትና ዘውክሉ እዮም። ብርግፅ ብዙሕ ነገራት ንመንነትና ይፈጥሩ እዮም። ካዚኦም ስዒቦም ዝተዘርዘሩ ድማ ካብቶም ገለ ልሙዳት ባእታታትእዮም።*

*መዘዉር ማሕበራዊ መንነት*

### መፅመጺ

- **ውልቃዊ ነፀብራቅ ሓሳብ፦** ተሳተፍቲ ብሄሮም፣ ሃይማኖቶም፣ ቋንቋኦም፣ ማሕበራዊ ብርኪታት፣ ዕድሚኦምን ፆታኦምን እናኣስተብሃሉ መዘዉር ማሕበራዊ መንነቶም ይምልኡ።
- **ናይ ጉጅለ ዘተ፦** ኣብ ኣናእሽተይ ጉጅለታት ተሳተፍቲ ኣየኖት ባእታታት ንመንነቶም ኣዝዩም ኣገደስቲ ምኻኖም ኣብ መንጎኦም ናይ ሓባር ነገራት የለልዩን የካፍሉ።
- **ማዕዳ፦** ኣብ ሓባራዊ መንነት ምትኳር ምፍልሳይ ብኸመይ ክቕንስን ሰላም ክስፋሕፍሕን ከም ዝኽእል ዘትዩ።
- **ክለሳ፦** መንነት ክንገልፅ ከለና እንታይ ኣብ ግምት ክኣቱ ኣለዎ?



## 2.2 ተወሰኽ ፍልፍላት

ብዛዕባ መንነት፣ ዓርስኻ-ምልላይ ፣ ማሕበረሰብኻ ምልላይ ወይ ፈሊኻ ምፍላጥ፣ ባህሊ፣ ዓልየት፣ ጎንፂ፣ ኣብ መንጎ ወለዶታት ዝፍጠር ጎንፂ፣ ማሕበራዊ ጎንፂ፣ ናይ ብሄር መንነት ዝበለፀ ወይ ብዕምቆት ዳህሳስ ንምክያድ እንተደልዮም ከም ኣማረፂ ዝስዕቡ መስመራት ድህረ-ገፃት ከም ተወሳኺ ፍልፍላት ምርኣየይ ይኽእሉ እዮም

*Ethnic Identity and Conflict* | *Elements of Identity in Conflict* | *Culture and Conflict*

## 3. ተዓባኣዩ ኩነት መንነት

### ታሪኽን ዓውድን

***ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ደርጊ ኣብ 1983ዓ.ም ኣብ ኢትዮጵያ ዓሌት መሰረት ዝገበረ ፌደራሊዝም ዝተመስረተ ኾይኑ እዚ ድማ ነቲ ዝተሓላለኸ ብሄር-ቋንቋ ብዙሃንነት ሃገር ንምምሕዳርን ጎንፅታት ንምንካይን ከም መሳርሒ ክውዕል ዝኽእል ግቡእ መንግስታዊ መሓውር ንምርካብ ዝፈጠሮ መፍትህ ዝነቐለ ይመስል።***

እዚ ስርዓተ ምሕደራ ድማ ንብዓሰርተታት ዓመታት ብብሄር ዝተወደቡ ጉጅለታት ዓርሰ ውሳነን ውክልናን ዝደልዩ ፖለቲካዊ ቃልስታት ስዒቡ ዝመፀ እዩ። ብመሰረት መቕድም ናይ ሽግግር ቻርተር መንግስቲ ኢትዮጵያ (1991) "ዓርሰ ውሳነ ኹሎም ህዝብታት [ሓደ ካብ] ፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ህይወት ዓርሞ፣ ምሕደራዊ መትከላት ክኸውን እዩ" ክብል ይገልፅ። ናይ ሽግግር ቻርተር

መንግስቲ ኢትዮጵያ (1991) ካብ ሐዚ ንደሓር ኹሎም ተፃብኦታት፣ ምትፍናንን፣ ብሄራዊ ወፅዓታት ከብቅዕ እቲ (ብሄራዊ) ቁስሊ.መሊኡ ንምሕዋይ ሰላምን ምርግጋእን ምፍጣር ከም ዘድሊ ኣስሚሩሉ እዩ ።

ብሄራዊ ፌደራሊዝም ኣብ ማሕበረ-ፖለቲካዊ መልክዕ ኢትዮጵያ ዘለዎ ኣድማዕነትን ፅልዋን ብዝምልከት ዝተፈላለዩ ኣረኣእያታት፣ ኣተሓሳስባታት ይፀባረቑ እዮም። በቲ ብሓደ ወገን ዘለዉ ስነ-ሞጎታዉያን ብሄራዊ ፌደራሊዝም ምንጋሱን ዝተፈላለዩ ድልየታት ብሄራት ከም መሰል ዓርሰ ዉሳነ ባህላውን ፖለቲካውን ውክልና ከምኡ ውን ዘይምእኹል ምምሕዳራዊ ስልጣን ከም መንገዲ ዲሞክራስያውነት ካልኦት ድማ ብሄራዊ ፌደራሊዝም ንኻልኦት ነገራት ኣብ ልዕሊ ናይ ሓባር መንነት ፍልልያት፣ ምርሕሓቓት፣ ኢሉ ዉን ኣብ ብሄራት ንዝርኣይ ምትእንናፍን ካብ መጠን ንላዕሊ ብምጉላህ ኣብታ ሃገር ኣብ መንነት ዝተመስረተ ጎንፅታት ከም ዘጋደዶ ይምጉቱ እዮም።

ኣብዚ ናይ ሐዚ ጋህዳዊ ኹነታት ኢትዮጵያ ጎንፂ ኣብ ዝተፈላለየ ብርክታት ካብ ኣብ መንጎ ሰባት፣ ኣብ ውሽጢ ጉጅለ፣ ኣብ መንጎ ጉጅለታት ከምኡ ውን ኣህጉራዉን ዓለምለኻዊ ብርኪ እናተንፀባረረቑ እዩ። ናብዚ ብርኪ ክበፅሕ ዘደረኹዎ ብዙሓት ረቛሒታት እዮም። ካብኦም ንኣብነት ንምቃጥስ ዝኣክል ንኣብነት ተፈጥራዊ ይኹን ካልኦት ሃፍትታት፣ ስነ–ሓሳባዊ ፍልልያት፣ ታሪኻዊ ቅሬታታት [ምቅርሓናት] ምፍጣር፣ ዘይምዕሩይነት ስልጣንን ንመንነት ወይ ኣብ መንነት ዘንቀልቀሉ ስግኣትን ሓደጋታትን ኾይኖም ይርከቡ።

**ንመሃሃር፦** ፌደራልሊዝም ካብቶም ኣብ ዓለምና ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዝጥቀማሎም ስርዓተ ምሕደራ መንግስትነት ኮይኑ ብሉይ ድማ ካብ ካልኦት ብዝተፈለየ መልክዑ ስልጣን ኣብ ሞነጎ ማእከላይ መንግስትን ክልላዊ ምንግስትን ዘማቅል ወይ ድማ  ዘከፋፍል ዓይነት ምሕደራ እዩ። በዚ መሰረት ስርዓተ ምሕደራ ፌደራሊዝም ክልላት ዋላ ኣካል እቲ ፌደረሽን ይኩና እምበር ብወሳኒ መልክዑ ኣብ ከም ትምህርትን ቃንቃን ዝኣመሰሉ ጉዳያተን ብነፃነት ክውስና የፍቅደለን እዩ። ኣብ ዓለምና ዝተፈላለያ ሃገራት ስርዓት ፌደራሊዝም ዝክተላ እንትኮና ከም ኣርጀንቲና ካናዳ ጀርመንን ደቡብ ኣፍሪካን ድማ ብቀንዱ ተጠቀስቲ እየን።

## 3.1 ብሄር መንነት ምግባር

ብዙሓት ብሄራዊ ፌደራሊዝም ምቕባል ኣብ ልዕሊ ብሃገራዊ መንነት እቲ ብሄራዊ መንነት ኣዝዩ ትኹረት ክወሃቦ ከም ዝገበረ ይዛረቡ እዮም። እዚ ድማ ብሄራዊ መንነት (Ethnification of identity) ተባሂሉ ዝፅዋዕ ተርእዮ እዩ።

***እዚ ኣብ ኢትዮጵያ ክረአ ዝኽእለሉ ገለ መንገድታት ኣሎ ካበኣቶም ድማ፦***

- *መንእሰይ ወለዶታት ካብ ምስ ሃገራዊ መንነቶም ንላዕሊ ምስ ብሄሮም ናይ ምልላይ ተኽእሎኦም ዝለዓለ እዩ።*
- *ንብዙሓት ገለ ማሕበራውን ጉጅለታት ዓብላሊ ናይ ምልዕዓል፣ ምብርባርን ማሕበራዊ ይኹን ፖለቲካውን ረቛሒ ኾይኑ ኣሎ።*

## 3.2 ዓሌትን ብሄርን ዝመሰረቱ ፌደራሊዝምን ጎንፅን

ዓሌትን ቋንቋ መሰረቱ ዝገበረ ብሄራዊ ፌደራሊዝምን ዋላ እዉን ንዝተገለሉ፣ ዝተወፅዑ፣ ዝተፀቐጡ ማሕበረሰባት ንምሕያልን ጎንፂ ንምንካይን ዝዓለመ ዝተሃንፀ ስርዓት ይኹን ብብዙሕ መዳይ ግን ኣብ መንጎ ጉጅለታት/ብሄራዊ ጎንፅታት ንኽዓቢ ኣበርክቶ ገይሩ እዩ። ***ብሄራዊ ፌደራሊዝም ብኸመይ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ኣብ ጎንፅታት ንኽዓቢ እንታይ ዓይነት ኣሉታዊ ኣበርክቶ ከም ዘለዎ ዘርእዩ ሓደ ሓደ ምርኢታት ወይ ነጥብታት ኣብ ታሕቲ ንምስፋር ተሞኪሩ ኣሎ።***

- ኣብ መንነት ዝተመርኮሰ ጎንፅታት ምስ ፖለቲካውን ማሕበራውን ምትፍናናት ተፃሚዱ ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተታት ዓመታት እናገደደ ብምምፅኡ ንሚልዮናት ኢትዮጵያውያን ዝተፈላለዩ ዓይኒ ዘዉፅኡ ጥቕዓትን ምምዝባል ኣስዒቡ እዩ። ኣብ ኢትዮጵያ ካብ ዝርከቡ 4.4 ሚልዮን ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝተመዛበሉ ሰባት ልዕሊ ፍርቂ ብስንኪ ጎንፂ ገዝኦም ገዲፎም ተፈናቂሎም እዮም።
- መብዛሕትኣን ዓበይቲ ፖለቲካዊ ውድባት እታ ሃገር ብሄርመሰረት ዝገበራ ዉድባት ብምኺነን ብሄርተኝነት ርኡይ ወሰኽ ፖለቲካ ዕብለላ ከም ዘርኣየ ይፍለጥ እዩ። እዚ ድማ ኣብ ህዝብታት ኣፈልላይ፣ ሕድሕዳዊ ምጥርጣርን ካብ ቑፅፅር ወፃኢ ክኸውን ዝኽእል ብሄርተኛዉነት ንክህሉ ሰፊሕ ስርፀት ፈጢሩ እዩ።
- ካብቲ ፈለማ ዝተሓሰበሉ ወይ ዝተዉሃቦ ወፃኢ ብሄር ዝብል ትርጓምኡ እናተቐየጠ  ካብቲ ዝተመስረቶ መትከል ብተቓራኒ "ናይና" ወይ "ኣንፃርና" ዝብል ተረኽ እናፈጠረ መፂኡ እዩ። እዚ ድማ ናብ ፀግዒ ምሓዝ ወይ ድማ ፖላራይዘሽን፣ ኣድላዊ፣ ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ኣብ መንጎ ወይ ኣብ ልዕሊ "ሰፋሮ" ወይ ድማ ካብ ኻልእ ብሄር ወይ ዓልየት ተወለድቲ ኮይኖም ካብ ዝተወለድሉ ኸባቢ ርሒቖ ንዝነብሩ ኢትዮጵያዉያን ከም ጓና ሰባት ብምርኣይ ኣብ ብዙሓት ቦታታት ዝፍፀም ጥቕዓት እንትፍፀም ፖለቲካዊ መሰላቶም ክሕደጉ ካብ ዝተርኣዩ ተርእዮታት ሓደ እዩ።

**ሕተቱ፦** ኣብ ኢትዮጵያ ዓሌት መሰረት ዝገበረ ስርዓት ምሕደራ ፌደራሊዝም ኣብ ምፍጣር ሰላም ውይ ድማ ጎንፂ ኣበርክቶ ኣለዎ ዶ ትብሉ እስቲ ብዝተክኣለ መጠን ምስ ኣብ መንበሪ ከባቢኩምን ቤት ትምህርትኩምን ከመኡ ውን ናይ ምስ ኣብ ስራሕ ቦታ እተረክብዎም ሰባት ሓሳብኩም ኣካፍሉ።

## 3.3 ተዓባኣዩ ኩነት መንነት

*ናይ ብሄር መንነት ማለት ሓደ ውልቀሰብ ኣብ ሓደ ፍሉይ ብሄር ምኻን ዝስምዖ ስምዒት ዘመልክት ኾይኑ ኣብ ሓባራዊ ባህርያት ከም ባህላዊ ውርሲ ታሪኻዊ ተሞኩሮታት ዜግነት ሃይማኖት ቋንቋ ወይ ገፀ-መሬት መንበሪ ዝተመርኮዘ እዩ። ኣብ ኹነታት ኢትዮጵያ ብሄራዊ መንነት ተበፃሕነት ፀጋታት ፖለቲካዊ ውክልና ማሕበራዊ ብርኪ ዝረኣየሉ ብቀዳማይ ብርኪ ዝፅራሕ መነፅር እናኾነ መፂኡ እዩ።*

ኣብ ብሄር ልዕሊ ዓቐን ትኹረት ምሃብ ኣብ መንጎ ጉጅለታት ዝግበር ንሕንሕ የዕብዩ ጥራሕ ዘይኾነስ ውልቀሰባት ኣብ ውሽጢ ኸባቢኦም "ናይና" ወይ ድማ "ኣንፃርና" ተባሂሎም ዝምደቡሉ ናይ ምግላል ኣሰራርሓታት እውን ኣማዕቢሉ ዝብሉ ብሓደ ወገን ዝምጉቱ ከም ዘለዉ ኾይኖም ገሊኦም ድማ ብሄራዊ ጎንፂ ብብሄር ክውቀስ ኣይኽእልን። እንታይ ደኣ ኢልና እንተሓቲትትና ግን ንብሄራዊ መንነት ንነብሶም ዝሓልዩ በለፀኛታት ፖለቲከኛታት እዚ ከም መቆማሪ ፖለቲካዊ መስርሕ ብምግባሮም እዩ ይብሉ። እዚ መዋቕራዊ ቅርፂ እዚ ኣብ ኸባብያዊ ጎንፅታት ዶባዊ ክርክር ከምኡ ውን ኣብ መንጎ ውሑዳት ጉጅለታት እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ኣብ ንኡሳት ብሄራት ብፍላይ ረዚን ናይ ምግላል ወፅዓ እናኸተለ ይርከብ።

ካብ ዝሓለፉ ቀረባ ዓመታት ብፍላይ ኣብ ኢትዮጵያ ካብ መንነት ዝነቐሉ ወይ ምስኡ ዝተኣሳሰሩ ቅሬታታት ዝተሳወረ ርኡይ ጎንፅታት ብተደጋጋሚ እናተፈጠረ እዩ። ታሪኻዊ ዳግመ-ትርጓመን ነዚ ዘመን ትንታነታትን ብምዝርግሑ ከምኡ ዉን ንሕፅረት ተፈጥሮዉን ሰብ ሰራሕን ፀጋታት ዝግበር ንሕንሕን ብሄር መሰረት ገይሩ ዝተመርኮዘ ፖለቲካዊ ምልዕዓልን ነቲ ወጥሪ ክጋደድ ገይርዎ እዩ። ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ምልዓል ነዚ ኣብ ክንዲ ምፅባብ እቲ ኣፍልላይ ኣዝዩ ክጎልህ ምግባሩ ንጎንፅታት ዘጋድድ ብቕሉዕን ብስዉር ናይ ፅልኢ ዘረባን፣ ብነድሪ ዝተመልኡ ናይ ቃላት መልውዋጥ ኣብ መድረኽ ክቐርብ እናተገበረ ትኹረት ክረክብ ገይርዎ እዩ።

## 3.4 ፅልኢ

***ኣብ ጋህዳዊ ዓለም መብዛሕትኡ ግዜ ማሕበረሰብ ዝተፈላለዩ ብሄራት፣ ሃይማኖት፣ ባህላውን ጉጅለታት ሓቑፉ ዝቐመ እዮም።*** ሓደ ሓደ ግዜ ሓደ ሓደ ጉጅለታት ብሓባር ኾናም ምስኦም ንዝነብሩ ከም ንሶም ምስኦም ክነብሩ፣ ዘይኮኑ ገይሮም ብትዕቢት ይምልከቱ ወይ ክሓስቡ ይርኣ እዩ። እዚ ድማ መብዛሕትኡ ግዜ እዚኦም ብሰንኪ ታሪኻዊ ምኽንያታት፣ ባዕዳዉያን ገዛእቲ ንመግዛእቲ ክጥዕሞም ዝመስረትዎ ወይ ዝፈልፈልዎ ኣፈላላይን ነኒ ሕድ ሕዶም ፅልኢ፣ ምቅይያም ከሕድሩ ዝፈጠርዎ ሕድገት ሽርሒ ባዕዳዊ መግዛእቲ ወይ ኣብ ቀረባ እዋን ብዝተፈፀሙ ፍፃመታት እዮም። እዚ ኣረኣእያ ወይ ሕሳበ ድማ ካብ ወጥሪ ሓለፉ፣ ዉዒሉ ሓዲሩ እናኸረረ ናብ ጎንፅታት ክዓቢ ይኽእል እዩ።

ብዙሕ ግዜ ኣብ ማሕበረሰብ ብኻልእ ጉጅለ ዝለዓል ባእታታት መንነትና ንፈልጦ ኢና። መንነትና ኣብ ምስ ሓደ ንሓደ ዝግበር ርክባት ካብዚ ሓሊፉ እዉን ብኸባቢባዊ፣ ክልላዊን ሃገራውን ብርኪ ፀገማት ወይ ኣብ ሓደጋ ክዉድቕ ዝኽእል ዝተሓላለኹ ዝክእሉ ሳዕቤናት ክፈጥር ይኽእል እዩ።



ኣብ ጉጅለና ዘለዉ ሰባት ፈቲና ካብ ካልኦት ጉጅለታት ዝመፁ ሰባት ምፅላእ ዝርኣየሉ ማሕበራዊ ምትእስሳር እዩ ድማ ተፈጢሩ ዘሎ። እዚ ባህሪ እዚ ወገናውነት፣ ንሓደ ሰብ ወይ ጉጅለ ዝድግፍ ወይ ኣንፃር ዝኾነ ምድዝኮን ድማ ፅልኣት ይበሃል።

ጎርደን ኦልፖርት ዝተባህለ ዉሩይ ክኢላ ስነ-ኣእምሮ ፅልኢ እናሓደረ፣ እናወዓለ ሰራዉሩ እናዘርገሐ፣ እናጠጠዐ፣ እናገወደ ዝኸይድን ዝኸይድን ተግባራት ገይርካ ክርአ ከም ዝኽእል ይገልፅ። እዚ ድማ ግዘ እናወሰደ ምስ ዝኸደ ብተግባራት ማለት እዉን ካብ ቐሊል ተግባራት ንሓደ ሰብ ዘይምፍታው ክሳብ ነቲ ሰብ ምግላል፣ ኣካላዊ ጥቕዓት ምብፃሕ፣ ምውጋድ ዋላ እውን ክሳብ ምፅናት ዓልየት ምብፃሕ ዝዝርጋሕ ወይ ድማ ክዓቢ ይክእል እዩ ይብለና።

ኣብ መበል 20 ክፍለ ዘመን ዝነበረ ኣብነታት ምፅናት ዓልየት እንተርኢና ተግባራት ወገናውነት ኣብ ውሽጢ ሒደት ዓመታት ጥራሕ ናብ ምፅናት ዓልየት ክዓቢ ከም ዝኽእል ብጭቡጥ ተራእዩ እዩ። እቲ ወገናውነት ብኸመይ ክዓቢ ከም ዝኽእል ምዕዛብ ስለምንታይ ንጐዳኢ ዘይመስል ተግባራት ወገናውነት ምስ ተፈፀሙ ብቕልጡፍ ክንምልሶም፣ ክንገርሖ ከም ዘለና ዘዘኻኽረና እዩ።

*ብዛዕባ ፅልኢ ክንሓስብ ከለና ኣብ ኣእምሮና ክንሕዞም ዘለና ነገራት እነሆ፦*

- ብዓቐበን ቐለለን ምፅልላእ ናይ ድሑርን፣ ዘይተማህረ፣ ደንቆሮነት ዝዓብለሎ፣ ኢ-ሰብኣዊ ባህሪ እዩ።
- ንፅልኢ ንምፍታሕ ዝሕግዝ ግብራዊ ኣገባብ ኣብ ጉጅለታት ዘይኾነስ ኣብ ውልቀ ሰባት ትኹረት ምሃብን ናይ ሓባር ነገራት ምድላይን እዩ።
- ብዛዕባ ገዛእ ርእሶም ፅቡቕ ዝስምዖም ሰባት ንኻልኦት ምጥቃዕ ኣየድልዮምን እዩ። ኣብ ልዕሊ ገዛእ ርእስና ሕያውነትን ለውሃትን ከነርኢ ብዝኸኣልና መጠን ንኻልኦት ከነርእዮም ንኽእል ኢና።

## 3.5 ፒረሚድ ፅልኢ

***ፒራሚድ ፅልኢ ኣሉታዊ ባህርያት ካብ ታሕቲ ክሳብ ላዕሊ ብኸመይ ብዝተሓላለኸ መንገዲ ከም ዝዓቢ ዘርኢ እዩ።*** ኣብ ነፍሲ ወከፍ ብርኪ ዝረአ ባህርያት ንውልቀ ሰባትን ጉጅለታትን ኣሉታዊ ፅልዋ እኳ እንተሃለዎ ሓደ ሰብ ናብቲ ፒራሚድ እናደየበ ምስ ከደ ግን ሳዕቤኑ ንህይወት ኣብ ሓደጋ ዘእቱ እናኾነ ይኸይድ እዩ።

እቶም ላዕለዎት ብርክታት ፒራሚድ ብታሕተዎት ብርክታት ዝድገፉ ወይ መገብቲ እዮም ። ሰባት ወይ ትካላት ኣብ ታሕተዎት ብርክታት ንዘሎ ባህርያት ከም ቕቡል ወይ ከም "ንቡር" እንተቐፂሮምዎ እቶም ኣብ ዝቕፅል ብርኪ ዘለዉ ባህርያት ኣዝዩ ተቐባልነት ይረኽቡ።




ኣብ ታሕተዎት ብርክታት ናይቲ ፒራሚድ ዝተገልፁ ኣሉታዊ ባህርያት፣ ከም ኣድልዎን ምፅራፍን ኣብ ምቕባል ዝሃንፁ ተግባራት ምኺዳም ዘርኢ እዩ።

ፒራሚድ ፅልኢ

## ኣብ ግምት ክኣትዉ ዘለዎም ሕቶታት

ኹለና ብመጠኑ ኣብ ፒራሚድ ፅልኢ ከም ዝተሳተፍና ምእማን ኣገዳሲ እዩ። *ብዛዕባ ሕሉፍ ተግባራትና ብቕንዕና ክንከውን ብዝኽኣልና መጠንን ብኣዝዩ ብዘስተንትነሉን መጠን ንፅልኢ ኣብ ምፅራርን ሕያውነትን ሰላምን ኣብ ምዝርጋሕን ዝሓሸ ንኸውን።*

- ኣብ ዝተፈላለየ ብርክታት እንታይ ዓይነት ተግባራት ከም ዝገበርካ ክትኣምን ትኽእል?
- ንዓታቶም ንምኽሓስ እንታይ ክትገብር ትኽእል ዶ?
    - *ዳግማይ ከምዘይትገብሮም ክትምሕል ትኽእል ዲኻ?*
    - *ንዝጎዳእካዮ ሰብ ይቕሬታ ክትሓትት ትኽእል ዲኻ ?*
    - *ሰላም ክሰፍን ዝሕግዙ ካልኦት እንታይ ኣማራፂታት ክትሓስቡ ትኽእሉ?*
    - *ኣተዓባብያኻን ባህልኻን ሃይማኖትካን ነቲ ወገናዊ ተመክሮኻ ብኸመይ ኣበርክቶ ይገብር?*



## 3.6 ኣብ ኢትዮጵያ ምስ መንነት ዝተኣሳሰሩ ንጎንፅታት ፖለቲካዊ ምኽንያታት መዘዛትን

- መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ብሄር ዝተመስረተ ንፀጋታት መንግስቲ ዝግበር ንሕንሓት ኣብ መሬት፣ ማይን ቁጠባዊ ዕድላትን ዘይምርድዳእ የስዕብ እዩ።
- ብሄር ከም መሳርሒ ፖለቲካ ገይርኻ ብምልዕዓል፣ ብምትላልን፣ ፖለቲካዊ መራሕቲ ብሄራዊ መንነት ተጠቒሞም ደገፍ ዝእክብሉን ስልጣን ዘደልድልሉን እዩ።
- ኣብ ልዕሊ ግዝኣታዊ ዶባት ተደጋጋሚ ጎንፅታት፣ ገለ ኸባቢታት/ማሕበረሰባት ምስ ዝወዳደሩ ኸባቢታት ታሪኻዊ ወይ ባህላዊ ርክብ ኣለዎም ይብሉ።
- ንብሄር ዝምልከት መሰላት ዜግነት ተገዚኡ፣ ኣብ ውሽጢ ከባብታት ምድብ "ሽመታዊ ስያመ" ዝተዉሃቦምን "ሽመታዊ ስያመ ዘይተዉሃቦም"ን ህዝብታት ብምፍጣር መብዛሕትኡ ግዜ ንውሑዳት ምግላል ይፈጥር እዩ።
- ብተረኽ፣ ኣፈታሪኽን ፅዉፅዋያት እናሓዋወስኻ ናቲ ሓደ ልዕነት ብዘጉልህን ፖለቲካዊ ትርጉሙ ዳግማይ ብምቕራፅ፣ ታሪኻት፣ ዓሌታት ብገመድ ምትእስሳርን ዳግማይ ምትፍናን ዘይድሊ ትርጋመ ወይ ኣረአእያ ዝፈጥር እዩ።

**መዘኻኸሪ፡-** መፅናዕትታት ከም ዝሕብርዎ ኣብተን ብብሄራት ዝተፈላለያ ሃገራት እምነት ዝህብዎ ተኣማንነት ፖለቲካ ውድብ ብብሔሮም ንዝተወደበ ብምኻኑ ኣብ ኻልእ እምነት ዘይብሎምን ኣብ ሃገራዊ መረፃ ድማ ድምፆም ነቲ ብብሄሮም ዝተወደበ ዉድብ ክህቡ ይገብሮም እዩ። እዚ ድማ ብሄራዊ ቅሬታን፣ ምቅርሓን ክውስኽ ናይ ምግባር ብዘለዎ ተክእሎ እቲ ኹነታት ፖለቲካዊ ኣድማስ እናፀበበ ክሳብ ናብ ኲናት ሕድሕድን ከምርሕ ይኽእል እዩ።

### *መፅናዕቲ ምኽንያት፡- ኣብ መንነት ዝተመርኮሰ ጎንፂ*

ሓደ ካብ ዓባይ ብሪታንያ ዝተመልሰ ኬ ዝበሃል ኢትዮጵያዊ ንናይ ቀደም ዓርኩ ኤቾ ንምርኣይ ናብ ድሬዳዋ ይጓዓዝ። ድሕሪ እዚ ኣብ ከባቢ መንበሪ ገዛ ኤቾ ኣብቲ ከባቢ ዝርከብ እንዳ ቡን እናተፀበየ እንተሎ ኬ ምስ ኣቐንቓኒ ተጋድሎ ፓን ኣፍሪካዊ ኣክቲቪስት ዝኾነ ሲ ዝበሃል ይራኸቡ። ብዛዕባ መንግስቲ ዓባይ ብሪታንያ ኣብ ቀረባ እዋን ብዘይሕጋውያን ስደተኛታት ናብ ሩዋንዳ ንምስጓግ ዝወሰዶ ፖሊሲ ዘረባ ይርእሞ በዚ ሓደ፣ ኽልተ ምስ ተዘራረቡ እቲ ዕለታዊ ዕላሎም እናረሰነ ኸደ። ክልቲኦም ኬን ሲን ተፃራሪ ኣረኣእያታት ስለ ዝነበሮም ክትዕ እናኸረረ፣ ናብ ብርቱዕ ሞጎት እናዘንበለ ኸደ።

ዶ/ር ዲ ዝተብሃለ ናይ ዩኒቨርሲቲ ፕሮፌሰር ኣብ ድሬዳዋ ሓፂር ናይ ስራሕ መገሻ እውን ኣብቲ እንዳ ቡን ነይሩ። ዶክተር ዲ ነቲ ክትዕ ሰሚዑ ንውሳነ መንግስቲ ዓባይ ብሪታንያ ደገፉ ገሊፁ። ኬ ኣዝዩ ተናዲዱ ንዶክተር ዲ "ባርያ" (ዘነኣእስ ቃል) ኢሉ ከነኣእሶ ጀመረ። እቲ ናይ ቃላት ክርክር ቀልጢፋ ናብ ኣካላዊ ጎንፂ ወይ ግብግብ ተለወጠ።

ኤች ኣብቲ ቦታ በፂሑ ጣልቃ ክኣቱ ፈተነ። ኣብቲ ብርቱዕ ክርክርን ሓዝ ክሕዝ ባእሲ ህውከት ግን ብጌጋ ብዶክተር ዲ ተወቒዓ። እቲ ዘሕዝን ግን ኤች ብዘጋጠሞ መጉዳእቲ ድሕር ሓደ መዓልቲ ኣብ ሆስፒታል ምማቱ እዩ።

## መዛተዩ ሕቶታት

- **ጠንቂ፦** እዚ ጎንፂ እዚ ንኸዓቢ ኣበርክቶ ዝገበሩ እንታይ መሰረታዊ ረቛሒታት እዮም?
- **ጉዳያት፦** መንነት ታሪኻዊ ቅሬታን ፅልዋታትን ብኸመይ ግደ ተፃዊቱ?
- **ፅልዋ፦** ናይዚ ፍፃመ ቅፅበታውን ነዊሕን ሳዕቤናት እንታይ እዩ ነይሩ?
- **ምሕደራ ጎንፅታት፦** ኬ ሲ ወይ ዶክተር ዲ እንተትኸውን ነቲ ኹነታት ኸመይ ገይርኻ ተትርፎ ምኸኣልካ?
- **ንመሃሮ ወየ ድማ ክውሰድ ዝግባእ ትምህርቲ፦** ማሕበረሰባት ኣብ መፃኢ ከምዚ ዓይነት ጎንፅታት ንምክልኻል እንታይ ስትራተጂታት ክኽተሉ ይኽእሉ?

**ንመሃሃር፦-** ትንተና ጎንፂ ማለት ኣብ እነታይነት ጎንፂ ጎንፂ ንምፍጣሩ መሰረት ዝኾኑ ምክንያታት ኣብ ከይዲ ጎንፂ ተሳተፍቲ ዝኾኑ ኣካላትን ለውጥታት ወይ እናፀንሑ ዝምዕብሉ ዓይነት መግለፂ ጎንፅታት ብዝምልከት ዝግበር ትንተና ዘጠቓለለ እዩ። ስለዚ ኣብ ከባቢና ዝኮነ ዓይነት ጎንፂ እንትገጥመና እቲ ፀገም ንምፍታሕ ክንሃፅፅ የብልናን የግዳስ ብዝተክኣለ መጠን ኣብ ተፈጥሮን ምክንያትን ከምኡ ውን ተሳተፍቲ ኣካላት እቲ ዘጋጠመ ጎንፂ ኣድላይ ዝበሃል ኩሉ ትንተና ክነካይድ ይግበኣና።



# 4. ከይዲ ህንፀት መንነትን፣ ሰላምን ዕርቅን

## 4.1 ኣብ መንነ ጉጅለታት ዝግበር ትርጉም ዘለዎ ዘተ ዝህልዎ ግደ

*ኣብ መንጎ ጉጅለታት ብፍላይ ድማ ዝተፈላለየ ዓይነት ሃይማኖት፣ እምነት ወይ ባህላዊ ድሕረ ባይታ ዘለዎም ማሕበረሰባት ትርጉም ዘለዎ ዘተ ኣብ ሞንጎኦም እንተካይዱ ወጥሪ ወይ ጥርጣረታት ንምንካይ ይሕግዝ እዩ።*

ትርጉም ዘለዎ ኣብ መንጎ ጉጅለታት ርክብ ዘይምህላውን ካብ ነንሕድሕድኻ ተነፂልኻን መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ መንጎ ጉጅለታት ንዝፍጠር ወጥሪ ርኡይ ኣበርክቶ ዝገብሩ ረቛሒታት ምዃኖም ይፍለጥ እዩ። እዞም ኹነታት እዚኦም ንፅልኢ ኣድልዎ ፅልኢ ዝመልኦ ዘረባን ንጥቕዓት ምልዕዓልን ዓቢይ ድጋፍ ይገብሩ እዮም። እዚ ብፍላይ ኣብ መንጎ ጉጅለታት ዝዓበየ ወጥሪ ዝረኣየሉ ታሪኽ ኣብ ዝህልወሉ እዋን ግልፂ ኾይኑ ይርኣ እዩ።

### ካብ ፅንሰ-ሓሳብ ዝፈለቁ ዛንታታት

ነዚ ዝስዕብ ዛንታ ኣንቢብኹም ብዛዕባ ድሩትነትን ዓቕምን ናይቲ ናይ ዝርርብ መደብ ተዘራረቡ።

ኣብ ሓደ ፍሉይ ድሕሪ ጎንፂ ዝነበረ ማሕበራዊ ኹነታት ሓደ ጉጅለ መንእሰያት ብመንገዲ ናይ ሰላም ክለቦም ኣቢሉ ማሕበረሰባዊ ዘተ ኣዳለየ። እቲ ክለብ ካብ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ማሕበረሰብ ወከልቲ ከም ኣብቲ ጎንፂ ዝተኻፈሉ ወገናት ዓዲሙ እዩ። ኹሎም እቶም ዝተዓደሙ ተሳተፍቲ ኣዝዮም ስለ ዝተቖጥዑ ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብቲ ክፍሊ ዝነበሩ ካልኦት ጉጅለታት ክስታት እናኣቕረቡ ግዳይነቶምን በደልን ንምግላፅ ናብቲ ዝርርብ ኣተዉ። ኹሎም ብሰንኪ ዜይተፈፀሙ ግን ክግበሩ ዝግበኦም ነቲ ጥቕዓት ምኽንያት ዝኾኑ ተግባራት ገሊፆም እዮም። ዋላ ሓደ ካብኣቶም ኣቕረብቲ ናይቲ ሓደ መዘንኦም ፍፁም ክሰምዑ ድልዋት ኣይነበሩን። ተሳተፍቲ ሙሉእ መዓልቲ ነኒሕድ ሕዶም ከይተሰማምዑ ተዛረቡ። እቲ ክፍለ ግዜ ብሰንኪ ባህርያት  ካልኦት ተሳተፍቲን ኣጠቓቕማ ቃላውን ዘይቃላውን ርክብን ብተሳተፍቲ ተናወፀ። ቀዳማይ መዓልቲ ናይ ዘተ መድረኽ ድማ ብኸምዚ መልክዕን ኣገባብን ተዛዘመ።

**ሕቶ፦-** ትኽክለኛ ዘተ ተኻይዱ ዶ ትብሉ? እንተዘይኾይኑ እቲ ፀገም እንታይ እዩ? ብፅምዲ ብምኻን ተዛተዩን ድሕሪ እዚ ድማ ሓሳባትኹም ንኻልኦት ኣካፍሉ።

**ንዘተ ቅሩብ ምኻንን ኣንፈት ወጥሪ ናይ ምልዋጥን ተኽእሉን፡፡**
ዘተ ውፅኢታዊ ንኽኸውን ንይምስል ዘይኾነስ ትኽክለኛ ናይ ሓሳብ ምልውዋጥ ቦታ ክህብ ይግባእ፡፡ ንፍልልያትን፣ ዘይምስምማዕን ዝዝተየሉ ቦታ እውን ክህሉ ኣለዎ፡፡ ዘተ እውን ንኹሉ ዝሓቁፍ ክኸውን ኣለዎ፡፡ ዘተ እንትካየድ ወይ ንምክድ ኪነ-ባህላውያን መራሕቲ ወከልቲ ማሕበረሰብ ዘፍቅድ፣ ድምፂ ኣዋልድ፣ ደቂ ኣንስትዮ፣ መንእሰያት ከምኡ ውን ተመዛበልቲ/ ህዳጣን ወይ ናይቲ ማሕበረሰብ ንኡሱን ወይ ዉሑዳት ኣባላት፣ ማሕበረሰባት ናብ ቅድሚት ምምፃእ ኣገዳሲ እዩ፡፡

**ዘተን ዕርቅን**
ዕርቂ ውሑስን ንኹሉ ዝሓቁፍን ናይ ዘተ ቦታ ብምፍጣር ክመቻቸዉ ይኽእል እዩ፡፡ እዚ ባይታ እንትፍጠር ድማ ናብ ንዳገመ ህንፀት ርክብ ዝምድናታት ምምስራት ናይ ሓባር መርገፂ ንምሓዝ፣ ሕሉፍ በደላትን መጉዳእትን ምፍታሕ ንምፍጣር ከምኡ ውን ንመፃኢ ዝምልከት ሓባራዊ ራእይ ምምዕባል ዝመርሕ ክኸዉን ይግባእ፡፡

### ክንዝትየሉ ዘለና ሕቶታት

- ኣብ መንነ ጉጅለታት ዝግበር ዝርርብ ተሳቲፍኹም ትፈልጡ ዶ?
- ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ኣብ ሓደ ብምትእኽኻብ ንሰላም ብኸመይ ከም እትድግፍ ትርጉም ዘለዎ ምይይጥ ንምክያድ ክትሰርሕ ክትሓስብ ትኽእል ዲኻ?
- ኣብ መንነ ጉጅለታት ዝግበር ዘተ ንምስታፍ እንታይ ዓይነት ስጉምቲ ክትወስድ ትኽእል?
    - *ካብ ጉጅለኻ ወፃኢ ንሓደ ኻልእ ሰብ ጥራሕ ክትበፅሕ ወይ ድማ ንምትንካፍ ኣብ እትገብሮ ፃዕሪ ብውልቃዊ ብርኪ ክትጀምር ትኽእል ዲኻ?*
    - *ሰባት ተኣኪቦም ክዛረቡን ክዛረቡን ዝኽእሉሉ መድረኽ ኣብ ከባቢኻ ኣብ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ወይ ቤተ ክርስቲያን መደብ ክትጅምር ትኽእል ዶ?*
    - *ኻልእ ዘተ ንምድንፋዕ ዝሕግዝ እንታይ ሓሳባት ትሓስቡ?*

- ሰባት ብዘይ ስግኣትን ብኣኽብሮትን ብናፅነትን ዝዛረቡሉ ቦታ ምፍጣር ኣገዳሲ ዝኾነሉ ምኽንያት ስለምንታይ እዩ?



**ኣብቲ ዘተ መን ክሳተፍ ኣለዎ?**
ሓደ ካብ መሰረታዊ መትከላት ዝኾነ ይኹን ናይ ዘተ ተበግሶ ንኹሉ ዝሓቁፍ ምዄኑ እዩ፡፡ እዚ ንኽዕወት ኹሉም ኣብ ጎንፂ ዝተዋፈሩን ዝተሃሰዩን (ንኣብነት ዕጡቓት ጉጅለታት፣ ተካላትን ውልቀሰባትን) እዉን ረብሓታቶም፣ ዕላማታቶም፣ ዓቕሞምን ዝምድናታቶምን ናብ መኣዲ ዘተ ክቕርቡ፣ ተሳተፍቲ ኾይኖም ክቐርቡ ክዕደሙ ኣለዎም፡፡ ኣብ ዘተ ዝሳተፉ ተዋሳእቲ መራሕቲ ማሕበረሰብ፣ ሽማግለታት፣ መራሕቲ ሃይማኖት፣ ደቂ ኣንስትዮ፣ መሓውራት ምምሕዳር ኸባቢ፣ ዕጡቓት ሓይልታትን መንእሰያትን ይርከብዎም፡፡

## 4.2 ግደ መራሕቲ ማሕበረሰብ
መራሕቲ ማሕበረሰብን ሃይማኖትን ኣብ ህይወትን ባህርያትን ካልኦት ዓቢይ ፅልዋ ናይ ምሕዳር ጥቡጥ ዓቕሚ ኣለዎም እዩ፡፡ ድምፆም እንተስምዑ ድማ ብመንፅር ዘለዎም ዓቢይ ፅልዋ ከለዉ መልእኽቶም ልዑል ፅልዋ ክህልዎ ይኽእል እዩ፡፡ ስለዚ ድማ እዮ መራሕቲ ኣንፃር ፅልኢ ዘረባን ጥቕዓትን ኣብ ምዝራብ ኣገዳሲ፣ ዕዙዝ ግደ ዘለዎም፡፡

***ዕዉት ዛንታ፡- ግደ ሽማግለታት፣ ዓበይቲ ዓዲ ኣብ ምክልኻል ዓሌታዊ ጥቕዓት***



ካብ ቐረባ ግዚያት ዘጋጠሙ ዕዉት ናይ ሽማግለታት ጋሞን ኣብ17 መስከረም 2018 ዓ.ም ኣብ ከተማ ኣርባ ምንጭ ተፈጢሩ ንዝነበረ ወጥሪ ዝገበርዎ ዕዉት ከይዲ ዕርቂ ንምጥቃስ ይከኣል እዩ፡፡ ኣብዚ ወጥሪ ናብ ጎንፂ ሰጊሩ ብዙሓት ኦሮሞ፣ ጋሞን ካልኦት ብሄራት ዝተጨፋጨፉ እንትኽዉን ብኣሽሓት ዝቑፀሩ ሰባት ኣብ ክልል ኦሮሞያ ዝርከብ ከባቢ ቡራዩ ናብ ዓርሰ ከተማ

ኣዲስ ኣበባ፣ ናብ ካልኦት ከባብታት ኢትዮጵያ ክመዛበሉ ግድን ኾይኑ እዩ። ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ኢትዮጵያ ኣብ ዝርከብ ኣርባ ምንጭ ጋሞ ጎፋ ጉጅለታት መንእሰያት ነቲ ኣብ ኣርባምንጪ ንንግዲ ኦሮሞ ዒላማ ዝገበረ መጥቃዕቲ ሕነ ንምፍዳይ ስጉምቲ ኣብ ዝወሰዱሉ እዋን ሸማግለታት ጋሞ ሓድሽ ዝተቐርፀ ሳዕሪ ኣብ ኢዶም ብምሓዝ ኣብ መሬት ተንበርኪኾም መንእሰያት ንናይ ኦሮሞ ዓልየት ሹቓት ከይጥቅዑ ለሚኖም ጣልቃ ብምእታዎም እቶም ሸማግለታት ነቲ ጥቕዓት ክተርፍ ገይሮም እዮም። ንብዙሓት ኢትዮጵያውያን እዚ ብጥበብ ሸማግለታት ጋሞ ዝተርኣየ ጎንፂ ናይ ምዝሓል፣ ምትራፍ ኽይዲ ዕርቂ ኣኣዝዩ ዝንኣድን ካብ ኣብ ቐረባ ዝተርኣዩ ጎንፅታት ከም ኣብነታዊ ዕዉት ዛንታ ተገይሩ ምጥቃስ  ይክኣል እዩ (ዩኔስኮ 2020)።

- ናይ ሰላም ምፅውዋር ምቕባል ሕድሕዳዊ ምክብባር ዝገልፅ መልእኽቲ ምዝርጋሕ፣
- ኣብ መንጎ ማሕበረሰባት ዝፍጠር ወጥሪ ንምንካይ ብፍላይ ድማ ዘተ ብምዕባይን ሰላማዊ ሓባራዊ ህይወት ዘተባብዑ ፍፃመታት ብምእንጋድን ስጉምቲ ምውሳድ ኣገዳሲ እዩ።
- ብዝተኻኣለ መጠን ናይ ሰላም መልእኽትታት ብናይቲ ከባቢ ቋንቋታት ብኢንተርኔትን ካብ መስመር ወፃኢን ኣወንታዊ መልእኽቲ ብኸባብዉን፣ ለዛ እቲ ማሕበረሰብ ብምጥቃም መልእኽታት ምዝርጋሕ ይግባእ።
- ብመራሕትን ሰበስልጣንን ንዝቐርቡ ምልዕዓል ዝኹንኑን/ወይ ድማ ኣማራፂ መልእኽቲ ዘቕርቡን ሃይማኖታዊ፣ ማሕበረሰባውን ብሄራውን መግለፂታትን ኣዋጃትን ፀብፃባት ምውፃእን ምዝርጋሕን ኣገዳሲ እዩ።
- ንመንእሰያት ኣዋፊርካ ንበደል ብሃናፅን ብሰላምን መንገዲ ክፈትሕ ክፅዕሩ ግበር።
- መንእሰያት ዝዘረብዎ መረረት ወይ ኣካታዒ ኣብ ዝኾነሉ እዋን እውን እንተኾነ ቅሬታኦም  ምስምዑን ምላሽ ምርካቡ ምርግጋፅን ኣገዳሲ እዩ።
- መናእሰይ ኣምባሰደራት ብምብቃዕ፣ ብምስጣልን ጥቕዓትን፣ ፅንፊ ዝሓለፎም መነወርቲ ተግግባራት ኣብ ሕድ ሕድ ኣካል ማሕበረሰብ ከይፍፀም፣ ልዕልነት ሕጊ ዝሕለየሉ ባይታ ዘናድዩን  ኩነታት ምፍጣር ውፉያት ተዋሳእትን ኣመዛዘንቲ፣ ተሓለቕ ፍትሒ ክኾኑ ምኽኣል።



## 4.3 ናይ ፖሊሲ ለበዋታት

- **ትምህርቲ፦** ብዛዕባ ዝተፈላለዩ መንነታትን ሓባራዊ ታሪኽን ኢትዮጵያ ንቕሓት ንምድንፋዕ የኽእል እዩ።
- **ናይ ዘተ መድረኻት፦** ኣብ መንጎ ጉጅለታት ንዝግበር ርክብን ምርድዳእን ቦታታት ምፍጣር፣ ነዚ ግቡእ ኩነታት ንክፍጠር ምስራሕ ።
- **ምቁፅፃር ፅልኢ ዘረባ፦** ኣንፃር ፅልኢ ዘረባን ኣድልዎን ዝምልከት ሕግታት ምትግባር ምጥንኻር ኣገዳሲ እዩ።
- **ውህደት ቴክኖሎጂ፦** ጎንፅታት ብኣግባቡ ንምፍላጥን ንምፍታሕን ዲጂታላዊ መሳርሒታት ምጥቃም ዕዙዝ ረብሓ ኣለዎ።
- **ባህላዊ ኣገባባት ምድጋፍ፦** ባህላዊ ኣገባብ ኣፈታትሓ ጎንፅታት ምሕያልን ዘመናዊ ምግባርን ኣዝዩ ሓጋዚ ኽይዲ ብምኻኑ እዚ ክዕምብብ ምግባር ኣገደዳሲ እዩ።

# 02

# ጥዕና ኣእምሮን ምሕዋይ ትሮማን



# ሓሳብናን ስምዒታትናን ምርዳእ



## ትሕዝቶ


| | |
|---|---|
| 30 | ጥዕና ኣእምሮ እንታይ እዩ |
| 34 | ኣብ ትሮማ ዘለና ርድኢት |
| 35 | ዓይነታት ትሮማ |
| 41 | ፅቡቕ መሳርሒ ንኣእምሮኣዊ ህንፀት፣ ጥዕናን ፀጋትትን |
| 44 | ዓርሰ-ሓልዮት |


*ኣብ መወዳእታ እዚ ምዕራፍ ጥዕና ኣእምሮ ከም ኣካላዊ ጥዕና ኣብ ሓደ ምትሃተ ብርሃን ከም እዉን ዘሎን ብተመኩሮታት ህይወት፣ ብትሮማን ፅልኢ ዝመልኦ ዘረባን ክበፅሖ ዝኽእል ተፅዕኖ ንምጭባጥ ክንፍትን ኢና። ከምኡ ዉን ኣብ መወዳእታ ናይዚ ምዕራፍ ትሮማ ወይ ብቋንቋ እንግሊዝኛ Trauma ዝበሃል ኾይኑ ብሓፂሩ ንምግላፅ ዝኣክል [ሃንደበት ብዝፍጠር ጉድኣት ስዒቡ ዝፍጠር ምዝባዕን ድንጋፀን ኣእምሮ] እንትኸዉን እዚ ንሓሳባት ስምዒታት ባህርያትን ኣካላትን ብኸመይ ከም ዝፀልዎ ብምድህሳስ ነዚ ስዒቡ ዝፍጠር ከም ጭንቀት፣ ስምዒታዊ ምድንፃዉ*

ቃሕ ዘይብል ተዘክሮ ወይ ቅጅልታት ስረዛ ወይ ምውጋድን ዝኣመሰሉ ምልክታት ፈሊና ንምፍላጥ ክንመሃር ኢና።

ምስ እዚ ተተሓሒዙ ኣብዚ ምዕራፍ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ትሮማ ከም ዘላው ንርኢ ኢና ንሳቶም ድማ ፈጣን፣ ሕዱር፣ ተተካኢ ወይ ኣብ ክንዲ ከምኡ ውን complex ዝተሓላለኸን ስነ-ኣእምሮኣዊ ሳዕቤናቶምን ብፍላይ ምስ ፅልኢ ዘረባ ዘለዎም ርክብ ብዘጉልሕ ክንርኢ ኢና።

ብተወሳኺ ንፀጋታት ጥዕና ኣእምሮ ዝሕግዙ፣ ዘሐድሱ መስርሓት ከም ብዕምቆት ምስትንፋስ፣ ምፍትታሕ ጭዋዳታት፣ መሰረታዊ ሜላታት ልምድታት፣ ዓርሰ-ሓልዮትን ክትላለዩ ኢኹም። ብተወሳኺ እዚ ምዕራፍ ካብ ትሮማ ምሕዋይ ውልቃዊ ጥዕናን ፅንዓትን ንምምላስ ጥራሕ ዘይኾነ ዝሓየለን ኣዝዩ ዝሓሸ ማሕበረሰባት ንምምዕባል ኣገዳሲ ምዃኑ ብጥቡጥ ንምርኣይ ክንፍትን ኢና።

እቶም ኣብ መእተዊ ዝተገለፁ መንደርደሪታት ከም ዘለዉ ኾይናም እዚ ምዕራፍ ነዞም ናይ ፀጋታት ጥዕና ኣእምሮ ህንፀት መሰረት ዝገብሮ ኣብ ማሕበረሰብ ዝተመርኮዘ ምትእትታዋት፣ ሃገር በቀል ኣሰራርሓታትን ስነ-ኣእምሮኣዊ ትምህርትን ኣቢሉ ኾይኑ እዚ ምዕራፍ ንኽልቲኡ  ማለት እዉን ውልቃዊ ነፀብራቕ ሓሳብን ሓባራዊ ስጉምትን ንትሮማ ንምፍታሕን ማሕበራዊ ምትእስሳር ንምድንፋዕን ብዘበረታትዕ ንምቕራብ ክፍትን እዩ።

## 1. መእተዊ



***ዳርጋ ኩሉ ሰብ ኣብ ህይወቱ ብርክን ዓነቱን ብብዘየግድስ ትሮማ የጋጥሞ እዩ።*** ዝኾነ ይኹን ውጥረት ዝመልኦ ወይ ዘሕርቕ፣ ስምዒታዊ ዘይምግጋዕ፣ ታሕዋኽ ዝፈጥር ፍፃመ ትሮማ ከስዕብ ይኽእል እዩ። ከምዚ ዓይነት ውጥረት ድማ ኹለና ከም ሰብ የጋጥመና እዩ።

መብዛሕትኡ ግዜ ትሮማ  ዝብል ቃል ክንሰምዕ ከለና ወይ ብዛዕባ ጥዕና ኣእምሮ ትንሓስብ እንተለና ናብ ኣእምሮና ዝመፅልና ነቶም ኣእምርኦም ዝስሓቱ፣ ኣብ ቀልቀል ዕብዳን ወይ ኸቢድ ኣእምራዊ ፀገም ምስ ማሕበረሰብ ዘይሰርሑ ሰባት ጥራሕ  ኢና እንሓስብ። ኾይኑ ግን ከምዚ ኢልካ ብዛዕባ ጥዕና ኣእምሮ ምሕሳብ ድሩት ኣተሓሳስባ እዩ። ምኽንያቱ ድማ ልክዕ ከምቲ ኣካላዊ ጥዕናና ካብ ወቕቲ ናብ ወቕቲ ዝለዋወጥ ኣእምሮኣዊ ጥዕናናውን ምስ ግዜን ምስ ሓድሽ ተመኩሮታትን ይምዕብል እዩ።

ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጥዕና ብሓባር ብምስራሕ ሓፈሻዊ ጥዕናና፣ ህይወትና ክዕምብብ ይገብሩ።

ኣካላዊ ጥዕና ዝምልከት ምትሃተ ብርሃን ኣሎ። ኩሉ ብገቡእ ዝሰርሓሉን ካብ ቃንዛ ነፃ ዝኾነ ህላወ እንረኽበሉን ምቹዉ ኹነታት ጥዕና ኣሎ። ከም ኣብ ብረክና ምድማይ ዝኣመሰሉ ቐለልቲ መጉዳእታት ኣለዉ እዮም። ከም ምስባር እግሪ ዝዓይነቱ ጉድኣታት ከምኡ ውን ከም ምስባር ኣዕፅምቲ፣ መንሸሮ ዝበሉ ድማ ዝኸፍኡ ጉድኣታ ክበፅሑ ንርኢ ኢና።

ልክዕ ከምቲ ኣብ ኣካላዊ ጥዕና ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ብዓነቱን፣ መጠኑ ዝፈላለ ናይ ኣእምሮ ጥዕና ዘርኢ ስፔክትረም እዉን ኣሎ። እዚ እንትንብል ናይ ኣእምሮ ጥዕና ምናልባት ዉሽጣዊ ካብ ምኻኑ ዝተልዓለ ብቀሊሉ ዘይንፈልዮ ወይ ዘይክስመዓና ይኸዉን እምበር ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ጉድኣታት ክንፈልዮ እንከእል ዓይነት ተጋንፎ ሕማም እዩ። ኣብ ዝሓሸ ብርኪ ወይ ምቹዉ ኹነታት ጥዕና ኣእምሮ ኣሎ ንብል እምበር ንእሽቶ ትሮማ እውን እንተኮነ ልክዕ ከም ኣልኡት ተጋንፎታት ሕማም ንክነስተባህለሉ ንኽእል ኢና። ስለምታይ እንተ ኢልና ብዘይካ እቲ ወና ዘይፈለጥናዮ ሕማም ብተወሳኪ ምርኣይታት ዝኮኑና ከም ሕርቃን፣ ቁጥዐ ወይ ሓዘን ይስምዐና እዩ። ድቃስና ዘዘርግና፣ምትኳር ከፀግመና ዝገብር፣ ኣብ ሓዘን፣ ምስቁንቃን ክንኣቱ ዝገብር ትሮማ ኣሎ። ከምኡ ውን ንመነባብሮ ኣዝዩ ከቢድ ዝገብሩ ብርክት ዝበሉ ካብዚ ዝበኣሱ ትሮማታት ኣለዉ። ኾይኑ ግን ካብ ኣእምሮዊ ጥዕናን ኣካላውን ጥዕና ብዙሓት ግዘ ትኹረት ክንህብን መብዛሕትኡ ግዜ ከምዚ ዓይነት ስምዒት ሸለል ንብሎ ይርኣ እዩ።

ሓዚ እውን ምስ ሓመምና ናብ ስራሕ ንኸይድ ኢና። ኣብ ኣካላትና ቃንዛ ይስምዓና ግን ስቕ ኢልና ንኸድ ኢና። ሓደ ነገር ትብተኽና ግዜ ይኹን ገንዘብ ዋላ ኣይሃልወና ኾይኑ ግን ክንእርሞ ንኽእል ኢና። ነዚ ዝዓይነቶም ፀገማት ብግዚኡ ዘይምቕራፍና ግን መብዛሕትኡ ግዜ ነቲ መጉዳእቲ ጥራሕ እዩ ዘጋድዶ ወይ ነቲ መስርሕ ምሕዋይ የደናጉዮ። መብዛሕትኡ ግዜ እውን ንገዛ ርእስና ከይተረፈ ሳዕቤን ትሮማ ንሕብኦ ኢና። ነቲ ናይ ሕርቃን ወይ ናይ ቁጥዐ ስምዒት ሽለል ንብሎ ወይ ድማ ንተግባራት ካልኦት ንወቅስ። ድኻም እንትስመዓና ወይ ጓሂ ትብርትዓና እዉን ዕሽሽ ንብሎ ኢና። ኣብ መዓልትና ኢና ንኸይድ ድሓር ክንሰርሖ ንደሊ ኢና ንሰርሕ።

እቲ ሕቶ ግን ብዛዕባ ስምዒታትናን ሕሉፍ ትሮማናን ብግልፂ ንምዝታይ ሽኩሩባት እንተንኸውን ክንደይ ዝሓሸ ስምዒት ምተሰምዓና? ንኣእምሮኣዊ ጥዕናና ብዝበለፀ እንተንሕብሕብ ኣብ ገዛእ ርእስናን ንማሕበረሰባትናን ክንደይ ኣዝዩ ሓጉስን ሰላምን ከነምፅእ ምኸኣልና? ምንጪ ቁጥዐናን ጓሂናን እንተንገልፆ ኣብ ህይወትና ክንደየናይ ሰላማዊ ክንኸውን መካኣልና? ዝብል እዩ።

እዚ ምዕራፍ ኣብ ጥዕና ኣእምሮን ትሮማን ዘተኮረ ኾይኑ ዝተመሓየሸ ጥዕናን ፅቡቕ ህይወትን ንምርካብ ዝሕግዙ ግብራዊ/ጭቡጥ መገድታት ዝገልፅ እዩ። እዚ ኣስተምህሮ ድማ ዝኾነ ሰብ ንኽጥቀመሉ ዝተዳለወ እዩ። ኣንብብዎ። ዝተማሃርኩዎ ሼር ግበሩ ኢኹም። ንማሕበረሰብናን ዝሓሸ ተግባራት ንክንፍፅም፣ ፅቡቓት ዜጋታት ክንኮን፣ ሓጎስን ሰላምን ኣብ ህይወትናን ተፃዋርነት ንምዕባይን፣ ባህርያዊ ለዉጢ፣ ጥዕና ኣእምሮና ንምሕላይ ንስራሕ።

## 2. ጥዕና ኣእምሮ እንታይ እዩ

**ጥዕና ኣእምሮ** ምስ ካልኦት ሰባት ዘለና ዝምድና ብውፅኢታዉን ኣፍራዩን ንጥፈታት ምፍፃም ከምኡ ውን ምትዕፅፃፍን፣ ምፅዋርን ክእለት፣ ለውጢ፣ ዕዉት ናይ ኣእምሮ ስራሕ ዝፈጥር ኹነታት ምርኣይ እዩ። ጥዕና ኣእምሮ ንሓደ ዉልቀ ሰብ ከም ዉልቀ ሰብ ኣዝዩ ወሳኒ፣ ንስድራቤቱ ከምኡ ዉን ኣብ መንጎ ሰባትን ዝህለዎ ርክብ ኣብ ማሕበረሰብ ዝህልዎ ኣበርክቶ ብሓፈሻ መተካእታ የብሉን።

**ኣእምሮኣዊ ፀገማት፦** ብኣተሓሳስባ ስሚዒት ወይ ባህርያት (ወይ ገለ ውህደት ናይዚኦም) ብዝፍጠር ለውጢ ዝልለዩ ኹነታት ጥዕና ኮይናም ምስ ጭንቀትን/ወይ ምጉዳል ስራሕቲ ዝተኣሳሰሩ፣ ኣካል ጉድኣት ቃንዛ ወይ ሞት ከጠቓልሉ ዝኽእሉ ብዙሓት ፀገማት ደቂ ሰባት ዝፈጥሩ እዮም።

**ሕማም ኣእምሮ** ንኹሎም ክምርመሩ ዝኽእሉ ናይ ኣእምሮ ፀገማት ብሓባር ዘመልክት ቃል እዩ።

**ሳሕቲ ኣይኮኑን** ብዙሓት ሰባት ኣብ ገለ እዋን ህይወቶም ፀገማት ጥዕና ኣእምሮ ከጋጥሞም ይክእል እዩ። ዝተፈላለየ መልክዕ ኣለዎም፦ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሕማማት ኣእምሮ ኣለዉ፣ ከም ጭንቀት፣ ሻቁሎት ወይ ሃረርታ ዝወለዶ ጭንቀት፣ ረዚን ስሕበት ሓሳብ ዝወለዶ ጭንቂን ካልኦትን፣ ሕድሕዶም ናይ ገዛእ ርእሶም እኩብ ዝተፈላለዩ ምልክታት ኣለዎም።

**እዚ ኣብ መዓልታዊ ህይወቱ ክፀልዉ ይኽእሉ እዮም፦** እዚ እንትንብል ሕማማት ኣእምሮ መዓልታዊ ንጥፈታት ንምፍፃም፣ ዝምድናታትናን ምዕቃብን፣ ኣብቲ ማሕበረሰብ ሙሉእ ብሙሉእ ንምስታፍን ኣፀጋሚ ክገብሮ ይኽእል እዩ። ከም ብናይ ፅልኢ ዘረባን ማሕበራዊ ኣድልዎን ዝበሉ ተጋንፎታት እንትበፅሓና ድማ ናይዞም ፅልዋታት እዚኣቶም ናይ ኣእምሮና ጥዕና ናብ ዝኸፍኣ ብርኪ ከጋድዱዎ ይኽእሉ እዮም።

**ሓገዝ ምድላይ ይከኣልን ወይ ድማ ወሳኒ እዩ፦** እዚ ልክዕ ከም ዝኾነ ኻልእ ኹነታት ጥዕና ካብ ሰብ ሞያ ክንክን ጥዕና ወይ እሙናት ፀጋታት ማሕበረሰብ ደገፍ ምሕታት ምልክት ሓይሊን ናብ ሕውየት ዝወስድ ኣገዳሲ ስጉምትን እዩ።

**ምሕዋይ ይከኣል እዩ፦** ምስ ሕማም ኣእምሮ ዝነብሩ ውልቀሰባት ብግቡእ ክንክንን ደገፍን ምርዳእን እንተተገይሩሎም ርኡይ ምምሕያሽ ከርእዩን ዝሓሸ ህይወት ክመርሑን ይኽእሉ እዮም።

**ፀለመ ሓገዝ ምድላይ ይከላኸል፦** ብዛዕባ ሕማም ኣእምሮ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባን እምነትን ንሰባት ቃልሶም ሓቢኦም ዘድልዮም ሓገዝ ንኸይደልዩ ከሕፍሮም ይኽእል እዩ። ከም መራሕቲ ማሕበረሰብን መምህራንን ነዚ ፀለመ ክንፈታተንን ደጋፊ ሃዋህው ከነማዕብልን ሓላፍነት ኣለና።

ፅልኢ ዝመልኦ ዘረባ ኸቢድ ስነ-ኣእምሮኣዊ ሳዕቤን ከምፅእ ይኽእል እዩ። እዚ ተግባር እዚ ከም ሓደ ዓይነት ናይ ቃላት ፀርፊ ወይ ጥቅዓት ኾይኑ ንዓርሰ-ምትእምማን ዘጉድል ስምዒታዊ ጭንቀት ዘስዕብን ናብ ትሮማ ክብፅሕ ዝኽእልን እዩ። ናይዚ ግዳያት መብዛሕትኡ ግዜ ጓሂ፣ ቃንዛ፣ ውርደትን ዓርስኻ ናይ ምግላል ባህሪ ዘርእዩ እዮም። እዚ እናበለ እንተቐፂሉ ንነዊሕ እዋን ዝፀንሕ ናይ ኣእምሮ ጥዕና ምዝባዓትን ከም ጭንቀትን ፒቲኤስዲን ከስዕብ ይኽእል። ከምቲ ተመራመርቲ ስነ-ልቦና ዝኣምኑሉ ድማ ፅልኢ ዝመልኦ ዘረባ ንኣተሓሳስባ ደቂ ሰባት ሕሊና ከናግዕ ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ሰባት ስምዒታት ብኸመይ ከም ዘሰላስሉን ንኻልኦት ዝምልሱሉን ኩነታት ክቕይር ይኽእል እዩ። ንናይ ውልቀሰባት ኣእምሮኣዊ ቅርፅታት ይፀልዎ።

ከምኡ ዉን ጐዳኢ እምነታትን ባህርያትን ክቖርፅ ይኽእል። ብቐንዱ ብመራኸቢ ብዙሃን ብሰፊሑ ምስ ዝዝርጋሕ ፅልኢ ዝመልኡ ዘረባ ናብ ናይ ጉጅለ ጎንፅታት ኣድልዎን ጥቕዓትን ክዓቢ ይኽእል እዚ ድማ ንውልቀሰባትን ማሕበረሰባትን ኣዝዩ ክጎድእ ይኽእል።

## 2.1 ምዝባዕ ኣተሓሰስባ

መብዛሕትኡ ግዜ ብፍላይ ኣብ እዋንን ድሕሪን ከም ጎንፅን ንፅልኢ ዘረባ ምቅላዕን ዝኣመሰሉ ኽበድቲ ተመክሮታት ሓሳባትና ክናጋዕን ክዛባዕን ይክእል እዩ። ነዚ ኹነት እዚ ምልላይ ግብረ-መልሲና ንምርዳእን ብጥዑይ መገዲ ክንሓስብ ክንጅምርን ክሕግዘና ይኽእል። ገለ ልሙዳት ናይ ኣተሓሳስባ ምዝባዕ እነሆ፦

| ፅዕቕ ኣእምሮኣዊ ምዝባዕ | ኣገላልፃ | ኣብነት (ናይ ፅልኢ ዘረባ ዓውደ-ፅሑፍ) | ኣማራፂ ኣተሓሳስባ |
|---|---|---|---|
| ካብ መጠን ንላዕሊ ሓፈሻዊ ምግባር | ኣብ ሓደ ወይ ውሱን ቑፅሪ ፍፃመታት ተመርኲስካ ሰፊሕ ኣሉታዊ መደምደምታ ምውፃእ። | "ካብቲ ጉጅለ ሓደ ሰብ ገበን ከምዝፈፀመ ዝገልፅ ፀብፃብ ዜና ርእየ። ኹሎም ገበነኛታት እዮም።" | "እዚ ሓደ ዝተነፀለ ፍፃመ እዩ ነይሩ ። ኣብቲ ጉጅለ ዘለዉ ኹሎም ሓደ ዓይነት ባህሪ ኣለዎም ኢልካ ምግማት ፍትሓውን ትኽክልን ኣይኾነን። ሰባት ዝተፈላለየ ተግባራትን እምነትን ዘለዎም ውልቀሰባት እዮም።" |
| ናብ መደምደምታ ምዝላል (ንባብ ኣእምሮ) | ካልኦት እንታይ ይሓስቡ ከምዘለዉ ትፈልጥ ኢኻ ኢልካ ምግማት ብፍላይ ድማ ጎዳኢ ዕላማ ከም ዘለካ ምግማት ብዘይ እኹል መርትዖ። | "ከምዚ ከማይ ዝኣመሰሉ ሰባት ስለ ዝፀልኡ እዮም ከምኡ ዝጥምቱኒ ዘለዉ።" | "ብፍፁም ዝተፈልየ ምኽንያት ይጥምቱኒ ክኾኑ ይኽእሉ ። ሓሳባቶም ኣይፈልጥን እየ ዝኸፍአ ምግማት'ውን ሓጋዚ ኣይኾነን።" |
| ፖላራይዘሽን (ፀሊምን ፃዕዳን ኣተሓሳስባ) | ንሰባትን ኹነታትን ብፅንፈኛ ኲሉ ወይ ዋላ ሓንቲ ኣዘራርባ ምርኣይ ማእከላይ መንገዲ ዘይብሉ። | "ወይ ምሳና ኢኻ ዘለኻ ወይ ድማ ኣንፃርና ኢኻ። ብዛዕባ እዚ ጉጅለ ዝብሎ ኲሉ ሙሉእ ብሙሉእ እንተዘይተሰማሚዕካዮም ክትድግፎም ኣለካ።" | "ዓለም ዝተሓላለኸት እያ ሰባት ዝተፈላለየ ኣረኣእያን ብርኪ ስምምዕ ወይ ዘይምርድዳእን ክህልዎም ይኽእል እዩ። ዝተፈላለየ ኣረኣእያታት ሙሉእ ብሙሉእ ከይደገፍካ ምርዳእ ይከኣል እዩ።" |
| ምልክት ምግባር | ኣብ ውሱን ሓበሬታ ወይ ፅልዋታት ተመርኲስካ ንውልቀሰባት ወይ ንመላእ ጉጅለታት ተሪርን ኣሉታዊን ስያመታት ምምዳብ። | "ኹሎም [ዘነኣእስ መለለዩታት] ጥራሕ እዮም።" | "እቲ ስያመ ነቲ ኣብ ውሽጢ እቲ ጉጅለ ዘሎ ውልቃዊ ሰብኣውነትን ብዙሕነትን ዕሽሽ ዝብል ጎዳኢ ልዕሊ ዓቐን ምቕላል እዩ። ሰባት ካብ ሓደ ስያመ ንላዕሊ እዮም።" |
| ስምዒታዊ ምኽንያታዊ ምኽንያት | ኣሉታዊ ስምዒታትካ ዕላማዊ መርትዖ ብዘየገድስ ነቲ ነገራት ዘለዎ ኣገባብ ዘንፀባርቕ ምዃኑ ምእማን። | "በዚ ጉጅለ ፍንፉን ኾይኑ ይስምዓኒ ስለዚ ፍንፉናት ሰባት ክኾኑ ኣለዎም።" | "ስምዒታተይ ትኽክል'ዩ ናይ ግድን ግን ሓቂታት ኣይኾነን። ነቲ መርትዖታት ምምርማርን ስምዒታተይ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ዘለኒ ርድኢት ክእዝዝ ካብ ምግባርን ኣገዳሲ'ዩ።" |

# 3. ኣብ ትሮማ ዘለና ርድኢት

ሓደ ነገር እንተተበላሸዩ ክንእርሞ ግዜን ገንዘብን የብልናን። እዚ ግን መብዛሕትኡ ግዜ ነቲ መጉዳእቲ ጥራይ እዩ ዘጋድዶ ወይ ነቲ መስርሕ ምሕዋይ የደናጉዮ። መብዛሕትኡ ግዜ እውን ካብ ገዛእ ርእስና ክይተረፈ ሳዕቤን ስንባደ ንሕብኦ ኢና። ነቲ ናይ ሕርቃን ወይ ቁጥዐ ስምዒት ሸለል ንብሎ፡ ወይ ድማ ንተግባራት ካልኦት ንወቅሶ። ንሕፅረት ፀዓት ወይ ጓሂ ዕሸሽ ንብሎ። ኣብ መዓልትና ኢና ንኸይድ፡ ክንሰርሕን ክግበር ዘለዎ ክንገብርን ኢና።

እቲ ሕቶ ግን፡ ብዛዕባ ስምዒታትናን ሕሉፍ ስንባደናን ንምዝታይ ክፉታት እንተንኸውን ክንደይ ዝሓሸ ምተሰምዓና? ንኣእምሮኣዊ ጥዕናና ብዝበለጸ እንተንሕብሕብ ክንደይ ዝያዳ ሓጎስን ሰላምን ኣብ ገዛእ ርእስናን ንማሕበረሰባትናን ከነምጽእ ምኸኣልና? ምንጪ ቁጥዐናን ጓሂናን እንተተዛሪብና ህይወት ክንደይ ሰላማዊት ክትከውን ትኽእል?

እዚ ምዕራፍ ኣብ ጥዕና ኣእምሮን ስንባደን ዘተኮረ ኮይኑ፡ ዝተመሓየሸ ጥዕናን ፅቡቕ ሂወትን ንምርካብ ዝሕግዙ ግብራዊ መገድታት ዝገልፅ እዩ። እዚ ንብረት እዚ ዝኾነ ሰብ ንኽጥቀመሉ ዝተዳለወ እዩ። ኣንብብዎ። ዝተማሃርኩምዎ ሼር ግበር። ተፃዋርነትና ኣብ ምዕባይን ኣብ ህይወትናን ኣብ ሕብረተሰብናን ዝያዳ ሓጎስን ሰላምን ንምምፃእ ንስራሕ።

## 3.1 ትሮማ እንታይ እዩ?

ብመሰረት ማሕበር ስነ-ልቦና ኣሜሪካ （APA） [1] ትሮማ - ንሓደ ዘስካሕክሕ ፍፃመ ከም ሓደጋ ጥቕዓት ወይ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋ ምላሽ ዝህብ ስምዒታዊ እዩ። ይኹን እምበር ዝኾነ ሰብ ንኣካላዊ ወይ ብስምዒት ዘስግእ ወይ ጎዳኢ ኾይኑ ዝረኸቦ ዝኾነ ፍፃመ ከም ምላሽ ትሮማ ከጋጥሞ ይኽእል እዩ።

ትሮማ ካብ ሓደ ውልቀሰብ ኣካላዊ ወይ ስምዒታዊ ጎዳኢ ወይ ስግኣት ዝፈጥር ኾይኑ ዘጋጥሞ ፍፃመ ተኸታታሊ ፍፃመታት ወይ ስብስብ ኹነታት ዝመፅእ ኾይኑ እዚ ድማ ኣብ ኣሰራርሓ ናይቲ ውልቀሰብን ኣእምሮኣዊ ኣካላዊ ማሕበራዊ ስምዒታዊ ወይ መንፈሳዊ ፅቡቕ ሕይወትን ነባሪ ኣሉታዊ ፅልዋ ክህልዎ ይኽእል እዩ። ትሮማ ምስ ሰፊሕ ናይ ጥዕና ፀገማት ኣብ መላእ ዲሞግራፊካዊ ጉጅለታት ዝተኣሳሰር ኾይኑ ኣብ ውልቀሰባት፣ ስድራቤታትን፣ ማሕበረሰባትን ኣዝዩ ሰፊሕ ፅልዋ ክህልዎ ይኽእል እዩ።

ትሮማ ኣብ ህይወትና ነዊሕ ዝፀንሕ ፅልዋ ክህልዎ ይኽእል። ምልክታቱ ድማ ከም ኩነታቱ ብቀፃልነት ክፀንሑ  ብኽብደቶም ድማ ክንክዩ ዘይኽእሉን ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

## 3.2 ዓይነታት ትሮማ

ዝተፈላለዩ ዓይነታት ትሮማ ምርዳእ ንፅልዋ ፅልኢ ዘረባ ብዝበለፀ ንኽንፈልጦን ክንምልሶን ይሕግዘና እዩ።

**ቅፅበታዊ ወይ ፈጣን ትሮማ፡-** እዚ ካብ ሓደ ሃንደበታዊ ትሮማ ዝፈጥር ፍፃመ ዝመፅእ እዩ። ኣብ ትሕዝቶ ናይ ፅልኢ ዘረባ እዚ ቀጥታዊ ፅዑቕ ፍፃመ ናይ ቃላዊ መጥቃዕቲ ምፍርራሕ ወይ ኣብ ኢንተርኔት መጥቃዕቲ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ፅልዋ ቅፅበታውን ልዕሊ ዓቕምን ክኸውን ይኽእል እዩ።
*ኣብነት፡- ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ሃንደበታዊ ዕጡቕ ፅልኢ ዝመልኦ ቃላዊ መጥቃዕቲ ምግጣም።*

**ሕዱር ትሮማ፡-** እዚ ዝፍጠር ብተደጋጋሚ ወይ ንነዊሕ እዋን ንውጥረት ወይ ጎዳኢ ፍፃመታት ካብ ምቅላዕ እዩ። ፅልኢ ዝመልኦ ዘረባ ቀፃሊ ብኢንተርኔት ምግፋዕ ኣብ ውሽጢ ሓደ ማሕበረሰብ ቀፃሊ ኣድልዎ ዝመልኦ ቃላት ወይ ድማ ፅልኢ ዝመልኦ ዘረባ ንቡርን ብተደጋጋምን ኣብ ዝረኽበሉ ሃዋህው ምንባር ከጠቓልል ይኽእል እዩ።
*ኣብነት፡- ንነዊሕ እዋን ብቴክኖሎጂ ዝተመቻቸወ ፆታዊ ጥቕዓት ብኢንተርኔት ፅልኢ ዝመልኦ መልእኽትታትን ምፍርራሕን ምቕባል እዚ ኹነታት ከስዕብ ይኽእል እዩ።*

**ተተካእቲ ትሮማ ወይ ድማ ካልኣይ ደረጃ ተጠቃዕቲ ትሮማ፡-** ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልፀ  እዚ ዝፍጠር ውልቀ- ሰባት ንናይ ካልኦት ትሮማ ዝመልኦ ተመኩሮታት ምስ ዝቃልዑ እዩ። ኣብ ትሕዝቶ ናይ ፅልኢ ዘረባ እዚ ነቶም ዛንታ ግዳያት ዝሰምዑ ብኢንተርኔት ፅልኢ ዝምስክሩ ወይ ፅልዋኡ ንምፍታሕ ዝሰርሑ （ከም መራሕቲ ማሕበረሰብን መምህራንን） ክፀልዎም ይኽእል። ስምዒታዊ ድኻምን ኣብ ኣረኣእያ ዓለም ለውጥን ከስዕብ ይኽእል እዩ ።
*ኣብነት፡- ንኣባላት ማሕበረሰብ ዝፀሉ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ብብቴክኖሎጂ ዝተመቻቸወ ፆታዊ ጥቕዓት ዘጨንቕ ፀብፃባት ዝሰምዕ መራሒ ማሕበረሰብ እዩ።*

**ዝተሓላለኸ ትሮማ（C-PTSD）፦** እዚ ዓይነት ትሮማ ካብ ሕዱርን ዝተፈላለየን ተመኩሮታት ኣብ መንጎ ሰባት ዝፍጠር ትሮማ ዝመፅእ ኾይኑ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ግዜ ንእስነት ወይ ኣብ ውሽጢ ጥቡቕ ዝምድናታት ዘጋጥም እዩ። ኩሉ ግዜ ብቐጥታ ብሓደ ናይ ፅልኢ ዘረባ ፍፃመ ዝመፅእ እኳ እንተዘይኾነ ንነዊሕ እዋን ንፅልእን ኣድልዎን ምቅላዕ ንዝተሓላለኹ ምልክታት ትሮማ ኣበርክቶ ክገብር ወይ ከጋድዶ ይኽእል እዩ። ስምዒታዊ ምቁፅፃር ንዓርሰ-ኣረኣእያን ንርክባትን ክፀልዎ ይኽእል እዩ። *ኣብነት፦ ንዓመታት ብብሄሩ ዝተመርኮዘ ኣድልዎን ምግላልን ዘጋጠሞ ውልቀ-ሰብ እዚ ድማ ፍሉያት ፍፃመታት ፅልኢ ዘረባታት ከሐይሉ ይኽእሉ እዮም።*

## 3.3 ምስ ፅልኢ ዝመልኦ ዘረባ ዝተኣሳሰር መግለፂታት ትሮማ

ንናይ ፅልኢ ዘረባ ምቅላዕ ከም ሓደ ዓይነት ትሮማ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ህይወት ሓደ ሰብ ብዝተፈላለየ መንገዲ ክግለፅ ይኽእል። ነዚ ጉዳይ እዚ ንምፍታሕ ትሰርሕ እንተኾንካ ነዞም ምልክታት ኣብ ውልቀሰባት ማሕበረሰባት ዋላ ኣብ ገዛእ ርእስኻ ምልላይ ኣገዳሲ እዩ።

| ስምዒታዊ መግለፂታት፦ | ኣእምሮኣዊ መግለፂታት（ኣተሓሳስባን መዘኸርን）፦ |
|---|---|
| **ፅዑቕን ምልውዋጥን ስምዒታት፦** ከም ፍርሒ ሕርቃን ጓሂ ሕፍረት ናይ በደል ስምዒትን ረዳኢ ዘይምህላውን ዝኣመሰለ ብርቱዕ ስምዒታት ምግጣም እዚ ድማ ብቕልጡፍ ክቕየር ይኽእል እዩ። | **ጣልቃ ዝኣትዉ ሓሳባትን ዝኽርታትን፦** ምስቲ ናይ ፅልኢ ዘረባ ተመክሮታት ዝተኣሳሰር ዘይተደልየን ዘጨንቕን ሓሳባት ወይ ምስልታት ኣብ ኣእምሮ ብቴክኖሎጂ ዝተመቻቸወ ፆታዊ ጥቕዓት ይፃወት። |
| **ጭንቀትን ዘይምርግጋዕን፦** መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ድሕነት ወይ ኣብ መፃኢ ኣብ ሓደጋታት ዘተኩረ ቀፃሊ ዘይምርግጋእን ትሮማን ስግኣትን እዩ። | **ሕልሚ ለይቲ፦** ንዘሕዝን ፍፃመታት ወይ ቴማታት ዳግማይ ክፃወት ዝኽእል ርቡሽ ሕልሚ። |
| **ስምዒታዊ ምድንፃዉ ወይ ምፍንጫል፦** ብስምዒት ርሑቕ ኰይኑ ዝስምዓካ ምስ ካልኦት ክትራኸብ ዘይትኽእል ወይ ስምዒታት ናይ ምምዝጋብ ክእለት ምንካይ። እዚ ምግባር ከም መከላኸሊ ኣገባብ ክውሰድ ይከኣል። | **ፍላሽባክ፦** እቲ ትሮማ ዝፈጥር ፍፃመ ኣብዚ ሐዚ ዘሎ ቕፅበት ከም ብሓድሽ ዝፍፀም ዘሎ ኾይኑ ክስምዓካ（ስምዒታዊ ወይ ህዋሳዊ ክኸውን ይኽእል）። |
| **ቁጥዐን ምልዕዓልን፦** ብቐሊሉ ምብስባስ፣ ሓፂር ቁጥዐ ወይ ዕረፍቲ ዘይብሉ ምዃን። | **ምትኳርን ምትኳርን ፀገም፦** ኣቓልቦ ንምሃብ ንምዝካር ወይ ውሳነታት ንምውሳን ፀገም እዩ። |
| **ተስፋ ምቑራፅን ተስፋ ምቑራፅን፦** ብዛዕባ መፃኢ ኣሉታዊ ኣረኣእያ ነገራት ፈፂሞም ከም ዘይመሓየሹ ኾይኑ ይስምዓካ። | **ኣሉታዊ ዓርሰ-እምነታት፦** ብዛዕባ ገዛእ ርእስኻ ኣሉታዊ ሓሳባት ምምዕባል ከም ዋጋ ዘይብልካ ጉድኣት ከም ዘለካ ወይ ከም ዚውቀስ ኰይኑ ይስምዓካ እዩ። |
| **ስምዒታት ምቁፅፃር ፀገም፦** ምስቲ ኹነታት ዘይመጣጠን ዚመስል ብርቱዕ ስምዒታዊ ግብረ-መልሲ ምህላው። | **ዝተዛብዐ ኣተሓሳስባ፦** ብሰንኪ እቲ ትሮማ ብዛዕባ ገዛእ ርእስኻ ብዛዕባ ካልኦት ወይ ብዛዕባ ዓለም ጉዳኢ ወይ ዘይትኽክል እምነት ምሓዝ። |
| | **ልዕሊ ዓቐን ንቕሓት፦** ብብቴክኖሎጂ ዝተመቻቸወ ፆታዊ ጥቕዓት ኣብ ጥንቃቐ ምህላው ኣብ ከባቢኻ ስግኣት እንተ ኣጋጢሙ ምፅራይን ብቐሊሉ ትሮማ ምህላውን። |

| ባህርያዊ መግለፂታት（ተግባራትን ግብረ መልስን）፦ | ኣካላዊ መግለፂታት፦ |
|---|---|
| **ምውጋድ፦** ካብ ናይ ፅልኢ ዘረባ ወይ ናይ ዘይውሕስነት ስምዒት ዝዝክር ቦታታት ሰባት ወይ ኹነታት ምርሓቕ（እዚ ኣብ ኢንተርኔት ዝርከቡ ቦታታት ከጠቓልል ይኽእል）። | **ድኻምን ትሑት ፀዓትን፦** ዋላ እውን እኹል ዕረፍቲ እንተሃልዩካ ብብቴክኖሎጂ ዝተመቻቸወ ፆታዊ ጥቕዓት ድኻም ይስምዓካ። |
| **ማሕበራዊ ምስሓብ፦** ካብ ኣዕሩኽ ቤተሰብን ንጥፈታት ማሕበረሰብን ምግላል። | **ምውጥዋጥን ቋንዛ ን ጭዋመረዳእታት፦** ኣብ ኣካላትና ቋንዛ ምትራር ወይ መግለፂ ዘይብሉ ቋንዛ ምግጣም። |
| **ለውጢ ድቃስን ኣመጋግባን፦** ድቃስ ምፅጋም（ድቃስ ምስኣን፣ ሕልሚ ቀትሪ）ወይ ለውጢ ሸውሃት（ብዙሕ ወይ ውሑድ ምብላዕ）። | **ሕማም ርእስን ጉዳያት ከብድን፦** ብተደጋጋሚ ሕማም ርእሲ ፀገማት ምሕቃቕ መግቢ ወይ ኻልእ ምስ ፀቕጢ ዝተኣሳሰር ኣካላዊ ምልክታት። |

| | |
|---|---|
| *ምውሳኽ ኣጠቓቕማ ንጥረ ነገራት፦* ንኽቢድ ስምዒታት ንምፅዋር ናብ ኣልኮላዊ መስተ ትምባኾ ወይ ኻልእ ንጥረ ነገራት ምምላስ። | *ምውሳኽ ህርመት ልብን ረሃፅን፦* ኣካላዊ ምልክታት ጭንቀት ወይ ትሮማ። |
| *ምፍንጃር ቁጥዐ ወይ ምጥቃዕ፦* ሕርቃን ንምቁፅፃር ፀገም ናብ ቃላዊ ወይ ኣካላዊ ምጥቃዕ የስዕብ። | *ለውጢ ኣብ ስርዓት ምክልኻል ሕማም፦* ንሕማም ኣዝዩ ተቓላዕቲ ምዃን። |
| *ነብስኻ ምጉዳእ፦* ንብርቱዕ ስምዒታዊ ቃንዛ ንምፅዋር ከም መገዲ ኾነኢልኻ ኣብ ገዛእ ርእስኻ ጉድኣት ኣብ ዘብፅሕ ባህርያት ምውፋር። | |
| *ሓደገኛ ወይ ድፍኢት ዝፈጥር ባህርያት፦* ክህልዎ ዝኽእል ሳዕቤናት ኣብ ግምት ከየእተኻ ኣብ ንጥፈታት ምውፋር። | |

## ዓርሰ-ነፀብራቕ ሓሳብ ፅምምዳት ፅፅዋ ትሮማ ምርዳእ

**መልመዲ ፩፦ ሳዕቤናት ትሮማ**

- ኣፀጋሚ ፍፃመታት ወይ ቀፃሊ ፀቕጢ ኣብ ገዛእ ርእስኻ ወይ ኣብ ካልኦት ዜስዕቦ ሳዕቤን ኣስተብሂልካ ዶ?

**መልመዲ 2፦ ምድህሳስ ምልክታት ትሮማ**

- ድሕሪ ውጥረት ዝመልኦ እዋን ነዞም ዝስዕቡ ምሕላፍ ወይ ምዕዛብ ነፀብራቕ ሓሳብ፦
    - *ፅዑቕ/ዝቕየር ስምዒታት ጭንቀት ምፍንጫል ቁጥዐ ተስፋ ምቑራፅ?*
    - *ተደጋጋሚ ዘሕርቑ ሓሳባት/ዝኽሪ ሕማቕ ሕልሚ ናይ ትኹረት ጉዳያት ኣሉታዊ ዓርሰ-ኣረኣእያ ኣብ ወሰን ዘሎ ስምዒት?*
    - *ካብ ነገራት ምውጋድ ማሕበራዊ ምስሓብ ለውጢ ድቃስ/ኣመጋግባ ምውሳኽ ቁጥዐ?*
    - *ቀፃሊ ቃንዛ  ድኻም ምጉያይ ልቢ?*

*መዘኻኸሪ፦ እዚኦም ንውልቃዊ ነፀብራቕ ሓሳብ ዝውዕሉ እዮም።*
*ኣድላዪ እንተኾይኑ ደገፍ ድለ።*



## 3.4 ንምንታይ ኢና ካብ ትሮማ ክንድሕን ንደሊ?

**ምጉዳል ፅሬት ህይወት፦** ዘይተፈትሐ ትሮማ ቀፃሊ ስምዒታዊ ጭንቀትን ኻልእ ናይ ኣእምሮ ጥዕና ፀገማትን ከስዕብ ስለ ዝኽእል ኣብ ህይወት ሓጐስን ዕግበትን ንምርካብ ኣፀጋሚ ይገብሮ።

**ዝተዳኸመ ዝምድናታት፦** ትሮማ ንዓቕምና ናይ ምትእምማን፣ ጥዑይ ምትእስሳር ምፍጣርን ብብሉፅ መንገዲ ምዝርራብን ክፀልዎ ይኽእል እዩ፣ እዚ ድማ ኣብ ውልቃውን ሞያውን ዝምድናታት ፀገማት የስዕብ እዩ።

**ጉዳያት ኣካላዊ ጥዕና፦** ካብ ዘይተሓወየ ትሮማ ዝመፅእ ሕዱር ፀቕጢ ሕዱር ቃንዛ  ድኻም ፀገማት ምሕቃቕ መግቢን ምድኻም ስርዓተ ምክልኻልን ሓዊሱ ንዝተፈላለዩ ፀገማት ኣካላዊ ጥዕና ኣበርክቶ ክገብር ይኽእል እዩ።

**ምዝባዕ መዓልታዊ ስራሕቲ፦** ትሮማ ኣብ ዝተፈላለየ ምድላዋት እዉን ኣብ ስራሕ ቤት ትምህርትን መዓልታዊ ዕማማትን ኣብ ምትኳር ምዝካር ውሳነ ምሃብን ሓፈሻዊ ኣፍራይነትን ዕንቅፋት ክኸውን ይኽእል እዩ።

**ምውሳኽ ሓደጋ ጎዳኢ ኣገባባት ምፅዋር፦** ውልቀሰባት ነቲ ምስ ትሮማ ዝተኣሳሰር ፅዑቕ ስምዒታት ንምምሕዳር ናብ ከም ምጥቃም ንጥረ ነገራት ንነብስኻ ምጉዳእ ወይ ሓደገኛ ባህርያት ዝኣመሰሉ ዘይጥዑያት ናይ ምፅዋር ስልትታት ክምለሱ ይኽእሎ እዩ።

**ዑደት ትሮማ፦** ዘይተሓወየ ትሮማ ሓደ ሓደ ግዜ ኣብ ዝምድናታት ጎዳኢ ቅዲታት ንኽድገም ወይ’ ውን ኣብ ካልኦት ብዘይፍላጥ ትሮማ ንኽቕፅል ኣበርክቶ ክገብር ይኽእል እዩ።

**ዝተዓንቀፈ ውልቃዊ ዕብየት፦** ትሮማ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ተዓፅዮም ዝፀንሑ ስምዒት ክፈጥር ይኽእል እዩ፣ እዚ ድማ ውልቀሰባት ኣብ ህሉው ሙሉእ ብሙሉእ ከይዋፈሩን ኣብ ውልቃዊ ምዕባለኦም ንቕድሚት ከይስጉሙን ክኽልክሎም እዩ።

**ምጉዳል ፅንዓት፦** ካብ ትሮማ ምሕዋይ ፅንዓት ንምህናፅ ይሕግዝ፣ እዚ ድማ ንመፃኢ ፀቕጥን ፀገማትን ብዝበለፀ ጥዑይ መንገዲ ክንፃወሮ ዝሓሸ ዕጥቂ ይገብረና እዩ።

**ምሕያልን ወኪልን፦** ፈውሲ ውልቀሰባት ድሕሪ ትሮማ ኣብ ልዕሊ ህይወቶምን ትረኻታቶምን ዳግማይ ንምቁፅፃር ሓይሊ ክህቦም ይኽእል።

**ዝሓየለ ማሕበረሰባት፦** ውልቀ-ሰባት ካብቲ ዘጋጠሞም ትሮማ ክሓውዩ ከለዉ ኣብ ማሕበረሰቦም ብዝበለፀ ኣወንታዊ ኣበርክቶ ክገብሩ ይኽእሉ እዚ ድማ ርህራሄ ምርድዳእን ጥዑይ ማሕበራዊ ርክባትን ከዕብዩ ይኽእሉ እዚ ድማ ንፅልኢ ዝመልኦ ዘረባታት ንምቅላል ወሳኒ እዩ።

## ማእከላይ ብርኪ ኩለመዳያዊ መፅናዕቲ ፍዓመ

ስናርዮ፦

ከተማ ሃርሞኒቪል ንብሄረ ዘማ ዒላማ ዝገበረ ናይ ፅልኢ ዘረባን ኣድልዎን እናወሰኸ ይኸይድ ኣሎ እዚ ድማ ብናይ ኦንላይን ትሕዝቶ ዝነደደን ናብ ሓቀኛ ህይወት ምግፋዕ ዝመርሐን እዩ፦

- **ኣይሻ (ዘማ)፦** ኣብ ኢንተርኔት ዕላማ ዝገበረት ሓዚ ጭንቀት ዘለዋ ሕልሚ ቀትሪ ትሓልም ካብ ማሕበረሰባዊ ፍፃመታት ትርሕቕ "ፈፂምና ውሑስ ኣይኮናን" ኢላ ትሓስብ።
- **ኣይተ ጌታቸው (ሽማግለ)፦** ክሽምግል ምፍታን ብዙሕ ዘጨንቕ ዛንታታት ምስ ሰምዐ ፅልኢ ይስምዖ ቁጥዐ ይስምዖ ፅልዋኡ ይጠራጠር።
- **ሰሎሞን (ብዝሒ)፦** ንፅልኢ ዝመልኦ ናይ ኦንላይን ቃላት የቃልሕ ንዘማ "ሽግር ፈጠርቲ" ኢሉ ይፅውዖ ካብኦም ድማ ይርሕቕ ሕርቃንን ምኽኑይን ኾይኑ ይስምዖ።
- **ማእኸል ማሕበረሰባዊ፦** ተሳትፎ ብፍላይ ካብ ማሕበረሰብ ዘማ ዝወረደ ወጥሪ ልዑል እዩ።

## መዛተዩ ሕቶታት

**ኣብ ውልቀሰባት ዘለዎ ፅልዋ፦**

- *ዓይሻ ከጋጥማ ዝኽእል ትሮማ ግለፅን ሓደ ኣብነት ናይ ስምዒታዊ ኣእምሮኣውን ባህርያውን መግለፂ ምሃብ።*
- *ኣይተ ጌታቸው እንታይ ዓይነት ትሮማ ከጋጥሞም ይኽእል፣ ክልተ ምልክታትከ እንታይ እዮም?*
- *ፅልኢ ዝመልኦ ዘረባ ንኣተሓሳስባ ሰሎሞን ብኸመይ ይፀልዎ ኪኸውን ይኽእል?*

**ነቲ ፀገም ምርዳእ፦**

- *ሓደ ኣብነት ናይቲ ዓይሻ ክትሓስቦ እትኽእል ዝተዛብዐ ሓሳብ እንታይ እዩ?*
- *ፅልኢ ዝመልኦ ዘረባ ንማሕበረሰብ ሃርሞኒቪል ብሓፈሻ ብኸመይ ይፀልዎ ኣሎ?*

**ናብ ፈውሲ ምግዓዝ፦**

- *ዓይሻ ንተመኩሮታታ ክትምልስ ኣገዳሲ ዝኾነሉ ምኽንያት ስለምንታይ እዩ?*
- *ኣይተ ጌታቸው ክጥቀመሉም ዝኽእል ሓደ ቐሊል ናይ ዓርሰ ምቁፅፃር ሜላ ሓሳብ ኣቕርቡ።*
- *ሃርሞኒቪል ነቲ ምፍልላይ ንምፍታሕን ፈውሲ ንምድንፋዕን ክወስዶ ዝኽእል ሓደ ናይ መጀመርታ ማሕበረሰባዊ ስጉምቲ እንታይ እዩ?*



## 4. ፅቡቕ መሰርሒ ንኣእምሮኣዊ ህንፀት፣ ጥዕናን ፀጋትትን

*ትሮማ ማለት ንሓደ ውልቀሰብ ናይ ምፅዋር ዓቕሙ ዝዓብለሎ ስምዒታዊ ምላሽ ንሓደ ዘጨንቕ ወይ ዘሰክፍ ፍፃመ ዘመልክት ኾይኑ መብዛሕትኡ ግዜ ነባሪ ስነ-ኣእምሮኣዊ በሰላ ይገድፍ። ፀገም ንሰፊሕኣፀጋሚኹነታት ህይወት ዘካተተ ኾይኑትሮማ ዝመልኦ ተመኩሮታት ድኽነት ሕዱር ፀቕጥን ጎንፅን ዝሓቖፈ እዩ። ጎንፂ ኣብ መንጎ ተፃረርቲ ሓይልታት ዝካየድ ቅልስ ወይ ምግጫው፣ባእሲ ተባሂሉ ክግለፅ ይከኣል እዩ።*

ድሕሪ ከም ባእሲ ዝኣመሰለ ኣፀጋሚ ተመክሮታት ብዘይምዝራብ ካብ ዝተወሰኑ ቦታታት ብምርሓቕ ወይ ንነብስና ብምንፃል ካብ ልዕሊ ዓቕምና ዝስምዓና ስምዒታት ንርሕቕ ባህርያዊ እዩ። እዚ ምግባር ውሕስነት ዘለዎ ኾይኑ ክስምዓካ ይኽእል እዩ፣ እንተኾነ ግን ንነዊሕ እዋን ዝፀንሕ ፀገማት ከስዕብ ይኽእል እዩ።

ሜዳ ይኹን እምበር ነዚ ዝኽርታትን ስምዒታትን ብህድኣትን ብዘይ ስግኣትን ምግጣም ናብ ምሕዋይ ክመርሕ ይኽእል እዩ። በዚ ክትገጥሞም ትኽእል ኢኻ፦

- **ስቕ ኢልካ ምዝራብ፦** ዛንታኻ ኣብ ደጋፊ ሃዋህው ምክፋል፣ ንዛንታኻምዝያም፣
- **ቀስ ኢልኻ ንፍርሒ ምግጣም፦** ቀስ ብቐስ ናብቲ ዝርሕቕ ቦታታት ወይ ኹነታት ምምላስ፣
- **ውሑስ ምምስሳል፦** ቴክኖሎጂ ብምጥቃም ትሮማ ብዝተቛፃፀረ መንገዲ ምክያድ፣

ትሮማ ዘስዕቡ ፍፃመታት ኣብ ክንዲ ካብ ምውጋዶም ምስኦም ዝተኣሳሰሩ ፀገም ዘለዎም ስምዒታት ብምግጣም ከምኡ ውን መስርሕ ምምሃርን ብዝዓበየ ሰላምን ሓይልን ንቕድሚት ንምስጓም ብምፍቃድን ሓይሎም ክስእኑ ይኽእሉእዮም።



## 4.1 ዓርሰ-ምምሕጻር ልምምጻት

ብዘይካ ሞያዊ ኣገባባት ንዓርሰ-ምቁፅፃር ዝሕግዙ ሜላታት ኣለዉ እዮም ። እዞም ሜላታት እዚኣቶም ንኣእምሮን ኣካላትን ንምህዳእ ይሕግዙ፣ ውልቀሰባት ኣብ ውሽጢ "መስኮት ምፅውዋር" ክፀንሑ የኽእሎም እዩ። እዚ ምቹዉ ስምዒታዊ ዞባ ዋላ'ኳ ቀፃሊ ፀቕጢ እንተሃለወ ጭንቀት ክመሓደር ዝኽእል እዩ። ስምዒታዊ ምንቅስቓስ ካብዚ ደረት ምስ ዝሓልፍ ውልቀሰባት ብዘይፍቓዶም ናብ "ምቅላስ ወይ ምህዳም" ዝብል መልሲ ክሰጋገሩ ይኽእሉ ወይ'ውን ነንሕድሕዶም "ክዓፅዉ" ወይ ክደናገሩ ይኽእሉ እዮም። እዚ ድማ ብንፁር ናይ ምሕሳብን ተግባርን ዓቕሞም የጉድሎ/ይቕንሱ እዮም። ዓርሰ-ምትእምማን ምምሃር ዋላ እውን ኣብ ሞንጎ እቲ ቀፃሊ ህውከትን ዘይርጉፅነትን ጎንፂ ኣብ ምምላስ ምቁፅፃርን መስርሕ ምሕዋይ ኣብ ምጅማርን ወሳኒ እዩ።

ዓርሰ-ምምሕጻር ዝሕግዙ መሳርሒታት ስምዒታት ንምርግጋእን ስምዒት ድሕነት ንምድንፋዕን ዝተዳለዉ እዮም።

**1. ዓሚቑ ምስትንፋስ መልመዲ**
ዓሚቕ ከብዲ ምስትንፋስ ሓደ ካብቶም ቀለልትን ውፅኢታውያንን መገድታት ንስርዓተ ነርቭ ንምህዳእ እዩ። ካብ ኣፍልቢ ዓሚቑ ትንፋስ ካብ ምውሳድ ናብ ከብዲ ኣዕሚቕካ ምትንፋስ የካትት። ዓሚቑ ምስትንፋስ ዋሕዚ ኦክስጅን ናብ ሓንጎል ይውስኽ ምዝንጋዕ የደንፍዕን ስምዒታት ንምቁፅፃር ይሕግዝ እዩ።

ኣብቲ ሰባት ብብቴክኖሎጂ ዝተመቻቸወ ዖታዊ ጥቕዓት ውጥረት ወይ ልዕሊ ዓቐን ንቕሓት ክስምዖም ዝኽእል ናይ ጎንፂ ቦታታት ኾነኢልኻ ዓሚቑ ምስትንፋስ ምልምማድ ፀቕጢ ንምንካይ ክሕግዝ ይኽእል እዩ። ውልቀ-ሰባት እዚ ብፍላይ ጭንቀት፣ ትሮማ ወይ ልዕሊ ዓቐን ስምዒታትኣብ ዘጋጥሞም እዋን ባዕሎም ንባዕሎም ክገብርዎ ይኽእሉ እዮም።

**2. ገስጋሲ ምዝንጋዕ ጭዋመረዳእታት** (PMR)
ፒኤምኣር ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ጭዋመረዳእታት ምውጥዋጥን ምዝንጋዕን ዘካተተ ኾይኑ ኣካላትና ብሰንኪ ፀቕጢ ዝተዓቀበ ወጥሪ ንኽለቅቕ የኽእሎ እዩ። ብዙሓት ኣብ ኸባቢታት ጎንፂ ዝርከቡ ውልቀ-ሰባት ብፍላይ ድማ ካብ ገዝኦም ዝተመዛበሉ ብዘይፍላጥ ኣብ መንኩቦም መንጋጋኦም ወይ ሕቖኦም ኣካላዊ ወጥሪ ይስከሙ እዮም።



ፒኤምኣር ጭንቀት ንምንካይን ድቃስ ንምምሕያሽን ጠቓሚ ክኸውን ይኽእል። ይኹን እምበር ገለ ሰባት መጉዳእቲ ወይ ሕዱር ቋንዛ ክህልዎም ስለ ዝኽእል እዚ ሜላ እዚ ብዝተኻእለ መጠን ብጥንቃቖን ብሞያዊ መምርሒን ክለማመድ ይግባእ እዩ።

- **ምቹዉ ኩን፦** ኣብ ርጉእ ቦታ በጥ በል ወይ ኮፍ በል።
- **ትኹረት፦** ኣቓልቦኻ ናብ ኣካላትካ ኣምፅእ።

**ምውጥዋጥን ምፍታሕን (የማናይ ኢድኻ)፦** ብየማናይ ኢድኻ ስጡም ምጭብባጥ ምግባር፣ ን5-10 ካልኦት ምሓዝ፣ ክምኡውንሃንደበት ምፍታሕ እዩ። እቲ ፍልልይ ኣስተብህል።

- **ደግሞ (ፀጋማይ ኢድ)፦** ብፀጋማይ ኢድኻ እውን ከምኡ ግበር።
- **ንላዕሊ ምቕፃል** ብስርዓት ምውጥዋጥን ምፍታሕን ጉጅለታት ጭዋመረዳእታት
- ቅድመ-ቅልፅም ላዕለዋይ ክፋል ቅልፅም ግንባር ዓይኒ/ኣፍንጫ መንጋጋ ክሳድ ኣብራኽ ኣፍ ልቢ ከብዲ ምዕጉርቲ የማናይ ምዕጉርቲ የማናይ ምራኽ/እግር ፀጋማይ ምዕጉርቲ ፀጋማይ ምራኽ/እግሪ
- **ሙሉእ ኣካላትካ ስካን ምግባር፦** ምስ ተገብረ ዝኾነ ዝተረፈ ወጥሪ እንተሃልዩ ንመላእ ኣካላትካ ስካን ብምግባር ፍታሕ።
- **ምዝንጋዕ፦** ንገለ ደቓይቕ ስቕ ኢልኻ ኣዕርፍ፣ ንነብስኻ ድማ ነቲ ናይ ምዝንጋዕ ስምዒት ከተስተማቕር ኣፍቅደላ።

**3. ሜላታት መሬት** (ንጉጅለ መልመዲ ውሑስ)
ዘይከምቶም ዝሓለፉ መሳርሒታት ልምምዳት መሬት ብውልቀሰባት ወይ ኣብ ጉጅለ ብዘይ ስግኣት ክለማመዱ ይኽእሉ። እዞም ሜላታት እዚኣቶም ውልቀሰባት ብፍላይ ፍላሽባክ ጭንቀት ወይ ስምዒታዊ ጭንቀት ኣብ ዘጋጥሞም እዋን ኣብዚ ሓዚ ዘሎ ቕፅበት ከተኩሩ ይሕግዙ።

**ሕቶቱ፦-** ተሳተፍቲ ደው ኢሎም ነዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ናይ መሬት መልመዲ ክኽተሉ። ቅድሚ እቲ ምውስዋስ ኣካላትን ድሕሪኡን እንታይ ከም ዝስምዖም ክገልፁ ሕተቶም።

ተሳተፍቲ ዝጠቐስዎ ዝኾነ ይኹን ፍልልይ ኣስተውዕል እዩ።

**4. እቲ 5-4-3-2-1 መልመዲ መሬት**

እዚ መልመዲ እዚ ውልቀሰባት ምስ ከባቢኦም ዳግማይ ንኽራኸቡን ስምዒታት ትሮማ ወይ ምፍንጫል ንምንካይን ነቶም ሓሙሽተ ህዋሳት የሳትፎም።

- **5 ክትሪኦም እትኽእል ነገራት፦** ንዙርያኻ ርአ እሞ ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ሓሙሽተ ነገራት ስመዮም።
- **ክስመዓካ ዝኽእል 4 ነገራት፦** ንኣካላዊ ስምዒታት ኣቓልቦ ሃብ ከም እግርኻ ኣብ መሬት ወይ ቅርፂ ክዳውንትኻ።
- **3 ክትሰምዖም እትኽእል ነገራት፦** ኣብ ድሕሪት ንዘለዉ ድምፅታት ከም ኣዕዋፍ ናይ ርሑቕ ድምፅታት ወይ ንፋስ ስምዑ።
- **ክትሽትትዎም እትኽእሉ 2 ነገራት፦** ኣብ ኣየር ወይ ኣብ ቀረባ ዝርከቡ ነገራት ጨናታት ኣለሊ።
- **1 ክትጥዕሞ እትኽእል ነገር፦** እንተተኻኢሉ ማይ ወይ ማስቲካ ውሰድ እሞ ናይ ምጥዓም ስምዒትካ ኣንቀሳቕሰካ።

**5. ሶማቲክ ግራውንዲንግ**

ሶማቲክ ግራውንዲንግ ንውልቀሰባት ናብ ህሉው ቕፅበት ንምምላስ ኣብ ንቕሓት ኣካላት ዘተኮረ እዩ። ክትፍትኑ ትኽእሉ ኢኹም፡-

- ኣብ ትሕቲ እግርኻ ዘሎ መሬት ፅንዓት ምህላዉ፣
- ወጥሪ ንምፍናው ኣካላትካ ምዝርጋሕ ወይ ምንቅስቓስ፣
- ንእሽተይ ነገር ከም ከውሒ ወይ ጨርቂ ምሓዝ ቅርፁ ንምስማዕ፣

እዞም ሜላታት እዚኣቶም ነቶም ኣብ ጎንፂ ዝርከቡ ውልቀሰባት ብስምዒት ዝተዋሕጡ ወይ ካብ ክውንነት ዝተቖርፁ ኮይኖም ክስምዖም ዝኽእል ክጠቕሙ ይኽእሉ።

## 4.2 ዓርሰ-ሓልዮት

ዓርሰ-ሓልዮት ማለት ውልቀ-ሰባት ነቲ ዝረኽብዎ ፍልጠትን ሓበሬታን ተጠቒሞም ጥዕንኦም ዝከናኸኑሉ ልምዲ እዩ። ውልቀሰባት ከም ኣድላይነቱ ምስ ሰብ ሞያ ጥዕናን ማሕበራዊ ክንክንን ብምትሕብባር ጥዕንኦም ብብቕዓትን ምቹዉን መንገዲ ንኽከናኸኑ ሓይሊ ዝህብ መስርሕ ውሳነ እዩ።

ዓርሰ-ሓልዮትዘካተተ እዩ፦

- **ጥዑይ ኣነባብራ ምርጫታት ምግባር፦** ኣካላዊ ምንቅስቓስን ጥዕና ዘለዎ ምምጋብን
- **ካብ ጥዕና ዘይብሉ ልምዲ ኣነባብራ ምውጋድ፦** ካብ ምትካኽ ሽጋራን ካብ መጠን ንላዕሊ ኣልኮላዊ መስተ ምውሳድን ምውጋድ
- ብሓኪም ዝተኣዘዙን ብሓኪም ዘይተኣዘዙን መድሃኒታት ብሓላፍነት ምጥቃም
